ሓዳስ ኤርትራ
መበል 35 ዓመት ቁ.233 | ቀዳም 30 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምህዛ፡ ናይ ዘወትር...



ገጽ 5
ጉዕዞ 35 ዓመታት...


ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 11
ማራቶን ኣስመራ፡ ሰንበት ...


# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባታት ፓርላማ ዞባ ኣፍሪቃ ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት ቤሎኒሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ንግስነት እስዋቲኒ ኣብ ዝተቓንዐ ዝበር፡ እቲ ንሸርክነት 'ኮቶኑ' ዝተክአ ስምምዕ 'ሳሞዋ' ምጽዳቕን ምሕያልን ኩይኑ፡ ነቲ ሓድሽ ስምምዕ ዝምልከት መበርሂ ብቐኣሊታት ተዋሂቡ። ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ዝግበር ርክብ፡ ክብርታት ሃገራት ኣፍሪቃ ክገሰ ከምዝይብሉን ኣቓልቦ ክረክብ ከምዝኾኖን ሓቢሩ።




ኣኼባታት ፓርላማ ኣባል ሃገራት ውድብ ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓሰፊክን ዞባ ኣፍሪቃን ሓባራዊ ፓርላማ ዞባ ኣፍሪቃን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ተሳቲፉ።

ኣብ'ቲ ብዘተናጸልን ብሓባርን ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ካብ ቀንዲ ቀዓምነታት ተሳተፍቲ ብዝወሰኸ፡ ጸብጻብ ዋና ጸሓፊ ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣብ ዝቖጸል ርክብ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ሓባራዊ ፓርላማ ዞባ ኣፍሪቃን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣብ ዝቖርብ ንድፊ እማመ ብምዝታይ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ዝሆ ርእይቶ፡ እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተሳተፍቲ ብዘዕባ ተራ ዞባውያን ውድባትን ፓርላማታትን ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ጸጥታን ኣፍሪቃ ሓሳባት ተለዋዊጦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ናብ ሓባራዊ ቤት-ምኽሪ ሚኒስተራት ኣፍሪቃን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ዝቐርብ ለበዋታት ጸዲቑ።

# ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝሰርዖ ውድድራት ተዛዚሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ መንጎ ተመሃሮ ማእከለይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ከካይዶ ዝጸንሐ ውድድራት ትምህርታዊ ክትዕን መደረን፡ ብ29 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ሃገሰላ ተዛዚሙ።

እቲ ውድድር፡ ብቛዕት ቋንቋ ክብ ንምባል፣ ርእሰ-ምትእምማን ንምብራኽ፣ ሓሳብካ ብንጹር ናይ ምግላጽ ክእለት ንምምዕባል፣ ከምኡ'ውን ናይ መጽናዕትን ንባብን ባህሊ ንምሕዳርን ንምሕያልን ዝዓለመ'ዩ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር እስጢፋኖስ ገብረሃዋርያት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ ብቐዓት ተመሃሮን ትምህርትን ክብ ንምባል ዝቐየድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጎኒ-ጎኒ'ቲ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝቐየድ ዘሎ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ተራ ወለዲ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገና፡ ነቲ መደብ ብምምጋስ፡ ተመሃሮ ዓጢቖሞ ዘለዉ ፍልጠት እናተወራረሰ ንኽሰጉም፡ ተራ ኣብያተ-ትምህርትን መምህራንን ክቡብ ክቡል ጸዊዓ።



ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ንወድብትን ኣካየድትን ናይ'ቲ ውድድር ከምኡ'ውን ንተሳተፍቲ ተመሃሮ ድሕሪ ምምስጋን፡ ተመሃሮ ኣብ ዝቐጸል ጉዕዞኦም ንዝበለጸ ወጽኢትን ብቕዓትን ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ዛዛሚ ውድድር ዝተሳተፉ ተመሃሮ፡ ካብ ኣብያተ-ትምህርቶም ጀሚሮም እናተጻረዩ ዝመጹ'ዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንዝተዓወቱ ክሳብ ደረጃኦም ናይ ሜዳልያ፡ ታብሌት፡ ብሽክሊታን ካልእን ሽልማት ተዓዲሉ።



ስኣሊ. የውሃንስ መብራህቱ

# መራሕቲ ሰርብያን ኢኳቶርያል-ጊኒን ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ሰርብያን ኢኳቶርያል-ጊኒን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ሰርብያ ኣለክሳንደር ቩቺችን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኢኳቶርያል-ጊኒ ኦብያንግ ንጉዌማ ምባሶጎን፡ ብስሞም ከምኡ'ውን ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ኣሳልጦ ስራሕን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ሰላምን ተመንዮም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ምስ ኤርትራ ዘጸንሖም ሕውነታዊ ዝምድናታት ንምምዕባልን ንምስፋሕን ዘለዎም ድሌትን ቅሩብነትን ኣረጋጊጾም።

ዜና

# ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ቀ/ባሕሪ ሱዳን ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ሱዳን ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን፡ ንህልው ኩነታት ሃገርናን ዝቐየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ከምኡ'ውን ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ኩሉመዳያት ህንጻት ሃገርን መኽተን ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ፖርት ሱዳን ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዚጋጠማ ተጻብኦታትን ብደሆታትን ገጢማ ኣብ በሪ ኣማን ዝበጽሐቶ፡ ሳላ ንቑሕ መኸተ ህዝባን ሰራዊታን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ንኽድረዕ - ንቑሕ ተሳትፎን ኣበርክቶን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ከም ዜጋታት ውዕብታቶም ክሕደሉ ተላቢዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንቑንስላዊ ኣገልግሎትን ካልእ ዜጋታት ዝሓትዎ ወግዓዊ ሰነዳትን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ተሳተፍቲ፡ ብወገኖም፡ ንዝተዋህቦም እዋናዊ ሰሚናር ብምምስጋን፡ ብወገን ኤምባሲ ክማላእ ኣለዎ ብዝበሃል ዝበልዎ ኣገልግሎታት፡ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ኣምባሳደር ዒሳ ኣብ ከተማ ካርቱም'ውን ተመሳሳሊ ሰሚናር ኣካዪዱ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ ከሎ፡ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን ዝርከብ ሸድሸተ ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ልዕሊ 3 ሽሕ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ባህላውን ስፖርታውን መደባት ኣካዪደን።



ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ብቤት-ጽሕፈት ባህላውን ትምህርታውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ዝተወደበ ቅዱ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ መደባት ንዝተዓወቱ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ መርመራ ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ ተመሃሮ መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሎም።

# ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ጽንብል ናጽነት ብድምቀት ኣብዒሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ ብሪጣንያን ኣየርላንድን፡ ኢጣልያ፡ ጀርመን፡ ሆላንድ፡ ከምኡ'ውን ሞንትርያልን ካልጋሪን - ካናዳ፡ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ "ጽግዕትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ኣብዒሎም።

ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን - ከተማታት ለንደን፡ በርሚንግሃም፡ ማንቸስተር፡ ሊድስ፡ ሸፊልድ፡ ኖቲንግሃም፡ ሌስተር፡ ነውካስትል፡ ካርዲፍ፡ ሃደርስፊልድ፡ ሊቨርፑል፡ ኮቨንትሪ፡ ግላስጎ፡ ዌክፊልድ፡ ደርቢ፡ ሳውዝሃምፕተን፡ ፖርትስማውዝ፡ ሚድልስብሮ፡ ብራይተን፡ ብሪስቶል፡ በልፋስት፡ ኮርክን ዳብሊንን፡ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ደሙቕ ጽንብል ተኻዪዱ።

ብ23 ግንቦት ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ ዝተጌበረ ጽንብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ፡ ብዕዱማት ኣምባሳደራት፡ ዲፕሎማሰኛታትን ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያንን ተሰንዮም ኑቲ ጽንብል ብምዕሩግ ኣገባብ ድሕሪ ምኽፋቶ፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን "የሓና" ኢሎም።

ኣቶ ሳልሕ ኣብ ዘሰመዮ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ምምካት ተጻብኦታትን መድረኻት ዝርኣዮ ሓያል ናይ መኸተ መንፈስን ጽግዕትን ብምጥቃስ፡ እዚ ክብሪታት'ዚ ኣብ'ዚ ናይ ህንጻትን ልምዓትን መድረኽ'ውን ተኣምር ከምዝሰርሕ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ሸማግለ ዓባይ-ብሪጣንያ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ማሕሙድ ብወገኑ፡ ህያብ ሰማእታትና ንዝኾነት ናጽነት፡ ንኤርትራዊ ታሪኽ፡ ጸጋታትን ክብርታትን ብዘኾርዕ ብዘንጸባርቕ መሰናድኦታት ብድምቀት ንምጽንባሉ ኣበርክቶኦም ንዘጉበሩ ኣመስጊኑ።

እቲ ጽንብል፡ ብባህላውን ስነጥበባውን መደባትን ስፖርታዊ ንጥፈታትን ክደምቕ እንከሎ፡ ንዕውታትን ወደብትን ህያባት ተዓዲሉ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ 15 ከተማታት ኢጣልያ ማለት ሮማ፡ ሚላኖ፡ ቦሎኛ፡ ብረሽያ፡ ካታንያ፡ ፒዛ፡ ቶሪኖ፡ ናፖሊ፡ ባሪ፡ ኣብሩሶ፡ ፓለርሞ፡ ፊረንዘ፡ ጀኖቫ፡ ፖርደኖነን ቨሮናን ብ24 ግንቦት ብዓቢ ፍናንን ሃገራዊ ወኒን ጸንቢሎም።

ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ዝተኻየደ ብዙሓት ዜጋታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተኻፈልዎ ስነስርዓት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ብዛዕባ ዕለተ ናጽነትን ናብኣ ንምብጻሕ ዝተሰገረ መስገደላትን ዝተኸፍለ መስዋእትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ሽወደን፡ ከም ወትሩ ሓድነቶም ብምድልዳል ኣብ ምስጉጋር ትውፊታት ኣበርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ ህንጻት ከምዝዕዝዙ፡ ቡበከተማኦም ኣብ ዘወደብዎ ጽንብላት ኣረጋጊጾም።

ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን "የሓና" ድሕሪ ምባል፡ "ናጽነትና ብመሪር ቃልስን ረዚን መስዋእትን ዝተጨበጠ'ምበር፡ ከም ገጸ-በረኸት ዝተወሃበ ስለዘይኮነ፡ ብልዑል ወኒ ምጽንባልና ዘምሕረልናን ዘሐበናን" ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣቶ ኣለም ተኽለገርግሽ ብወገኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓያልን ታህዲድን ከይተዳህለን ከይተምበርከኸን ኰልንትናዊ መስዋእቲ ከፊሉ ናብ'ዚ ትስፉው መድረኽ ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ "ሕጂ'ውን ጽግዕትና'ዩ ዋሕስና" ክብል ገሊጹ።

ኣቶ ኣለም ኣስዒቡ፡ "ቤትና" ዝተሰምየ ኤርትራዊ ማእከል ኣብ ሽወደን ንምህናጽ ተበግሶ ተጀሚሩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ነዚ ንምዕዋት ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ገዛእዊ ኣበርክቶ ክገብር ተወሲኑ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ጽንብል፡ ኣብ ሽወደን ተወሊዶም ኣብ ክለባት ኩዕሶ እግሪ ናይ'ታ ሃገር ስሞም እናኻልአ ዝመጽእ ዘሎ ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ምስ ህዝቢ ክላለዩ ከለው፡ ህቡብ ኤርትራዊ-ሽወደናዊ ተጻዋታይ ክሉብ ሊቨርፑል ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ብቪድዮ ናይ የሓና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ኖርወይ ኣብ ዘወደብዎ ጽንብላት፡ ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ የማን ጉብረኪዳን ኣብ ዘሰመዮ ቃል፡ ንትርጉምን ኣገዳስነትን ናይ'ቲ በዓል ብምግላጽ፡ ህዝቢ መስዋእቲ ከፊሉ ዝጨበጦም ትውፊታት ኣሕሊፉ ከይሃብን ኣብ ሓድነቱ ክጸንዕን ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣንጎላ፡ ጋና፡ ጊኒ-ኮናክሪን ሴራሊዮንን፡ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ከምዝዘበዓሉ፡ ኩነ ቦትኦ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ከተማ ሉዋንዳ - ኣንጎላ፡ ንወርሒ ዝቐጸለ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ ምርኢት ህጻውንቲ ክቐየድ ከሎ፡ ብ23 ግንቦት ድማ ልዕሊ 2 ሽሕ ዜጋታት ኣብ ዝተረኽቡሉ ደሙቕ ጽንብል ተኻዪዱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ከተማታት ኣትላንታ፡ ሲንሲናቲ፡ ሰንት ጆሴፍ፡ ካንሳስሲቲ፡ ሰንት-ልዊስ፡ ሰፎልስ፡ ኢንድያናፖሊስ፡ ሲወሲቲ፡ ዲሞይን፡ ልዊቭል፡ ደይተንን ኮሎምበስን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ሰቡማዚ ኣመሪካ ዝተረኽቡሉ ምዕሩግ ስነስርዓት ወዲቦም።



እቲ ጽንብል፡ ንኩለን ብሄራትና ብዘወክል ኣልባሳትን ትልሂታትን፡ ከምኡ'ውን ንቑልዑን መንእሰያትን ምስ ሃገሮምን መንነቶምን ብዝላልን ዘተኣሳስርን መደባት ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ጽንብላት፡ ወጻእተኛታት ኣዕሩኽ ኤርትራ ናይ የሓና መልእኽቲ ከመሓላልፉ ከለው፡ ኣብ'ተን ዝነበሩለን ሃገራት ተማሂሮም ካብ ኮሌጅ ዝተመረቑን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝዘዘሙን ተመሃሮ ድማ መመረቕታ ተገይሩሎም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com


## ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መጓዕዝቲ ደቂ ሰብ

1ይ ክፋል

ሰብ ዝብሃል ፍጥረት፡ ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ቀስ እናበለ'ዩ ደይቡ። ንዅሎም ዓበይትን ሓያላትን እንስሳታት ብሓንሳብ ዓብሊሉ ወይ በሊጹ ኣይመጽኣን። ቀስ እናበለ እቲ ዝተዓደሎ ኣእምሮ ሕልፊ ካልኦት እንስሳታት ክጥቀመሉ ጀመረ። ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ እናተደመረ ከኣ ብልሑ ኣዛየዶ። ሕልፊ ኵሎም ክጣበብን ክፈልጥን ከኣለ። ኣብዛ ዓለም ንዝመጽኡ ክስተታት ቀልጢፉ የንብቦምን ይርድኦምን ብምንባሩ፡ ምስቲ ዝመጽእ ለውጥታት እናተለወጠ ከይዱ። ሰብ፡ ካብ ኵሉ ህይወታዊ ናይዛ ዓለም ፍልይ ዝበለ ፍጥረት ምዃኑ እንተ ሓሲብካዮ ኣዝዩ ዘደንቕ'ዩ። ካብቶም ኵሎም እንፈልጦምን ዘየርከብናሎም ደማሳትን እንስሳታትን ክንዲ'ዚ በሊሑ ዝፍለ ምዃኑ ክንግንዘቦ ምስ ጀመርና ዘየደንቕ ኣይኰነን። ንሚልዮናት ዓመታት መልክዕ ደቂ ሰብ እናተቐይረ ምምጽኡ ጥራይ ዘይኰነ፡ ክሳብ 7 ቢልዮን ብዝብዝሑ ቍጽሪ ኣብዛ ፕላኔት ክህሉ ምኽኣሉ'ውን ተወሳኺ'ዩ። እሞ ከኣ መከላኸልን ጸምርን ዘይብሉ፡ ናብ ባእታታት እተቓልዐ፡ ብዘይ ስሩዕ መግብን ማይን ክጸንሕ ዘይክእል፡ ብታህዋስያን ኣዝዩ ተነቃፊ፡ ንእሽተይን ኣካላዊ ጥንካረ ዘይብሉን ክነሱ፡ ክነግስ ምኽኣሉ ብኸመይ'ዩ፧

መሬት ወጊሑ ካብ ዓራትና ክንትንስእ እንክለና ብዛዕባ ኵነታት ኣየርን ካልእን ኣይንጭነቕን ኢና። ከም እንነብር ንጠራጠረሉ ምኽንያት ኣብ ዘይብልና ርእሰ ምትእምማን በጺሕና ንርከብ። እዚ ውጽኢት'ዚ፡ ናይ ኣሽሓት ዘመናት ጉዕዞ ደቂ ሰብ'ዩ። ነዚ ኵሉ ክንበጽሕ ዘኽኣለና ከኣ ኣዝዩ ምዕቡል ሓንጎል ስለ ዘሎና እዩ። ሰብ ሓንጎል ስለ ዘሎዎ ኣይኰነን ኣብዛ ምድሪ ነጊሱ ዘሎ። ካልኦት እንስሳታት'ውን ሓንጎል ተዓዲሎምዎም እዮ። ሰብ ግን እቲ መንቋሕቋሕታ ሓንጎሉ፡ ብግብሪ ናይ ምፍታን ኣኽኣሎ ኣሎዎ። ይሓስብ፡ ይሓልም፡ ይምነ፡ ክኸውን ከኣ ይጽዕር። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ንዝገጥሞ ብድሆታት ድማ መፍትሒ ፍሒሩ ይረኽበሉ። ኣብኡ ድማ ይነብር፡ ይልወጥ፡ ይምዕብል።


ሰብ ካብ ዘይተፈትሑ ግድላትን ንምፍትሖም ካብ ዝገብሮ ቃልስን ወጺኡ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ኵሉ ግዜ ዘይተፈትሑ ግድላት ኣሎዎ። ኣብዛ ዓለም ብዙሕ መሰናኽል ክገጥሞ እንክሎ ከም ውህብ ተቐቢሉ፡ ንምፍትሑ ካብ ምቕላስ ዓዲ ኣይውዕልን። ቀዳሞት ደቂ ሰብ ከም ኣራዊት ኣብ መሮር እናነበሩ ናይ ምንባር ቃልሲ ነበሮም። እቲ ምስ እንስሳታትን ባህርን ዝገብሩዎ ቅልስ ምስ ኣካላዊ ባህሪኦምን ፍጥረቶምን ክንድ'ዚ ክነብሩን ክበዝሑን ኣይምኸኣሉን። ነቲ ዝነበሮም ግድላት ንምፍታሕ ዝተጠቕምሉ ኣእምሮኦም ግን ንምክልኻልን ሃድንን ዝጠቕሞም ብዙሓት ኣገባባት፡ ምህዞን ርኽበታትን ነበሮም። ፍላጻታት ካብ ጽንጽሕለን ዕንጸይትን ምሂዞም፡ መጽለሊ ክኾኖም ብዓቲ ተጠቒሞም፡ ንምቈትን መብሰሊ መግቦምን ሓዊ ረኺቦም፡ ወዘተ።






ቃልሲ ደቂ ሰብ ብእኡ ኣይሓለፈን። ሰብ ካብ ቃልሲ ወጺኡ ክነብር ስለ ዘይክእል፡ በብግዜኡ ሓደስቲ ምህዞታት ክምህዝ ከኣለ። ካብታ መጀመርታ እምኒ ሰይሩ 'ጽንጽሕለ' ዝረኸበላ መዓልቲ ናብራኡ ብጥበብ ከቃልል'ዩ ዝጀምረ። ካብ ናብራ ወዲ ኣራዊት ወጺኡ ብእኩብ ክነብር ጀሚሩ። ሕርሻ ኣማዕቢሉ፡ ጸጋታት መሬት ከለልን ክጥቀመሉን ክኢሉ። ነቲ ካብ ዕንጸይትን እምንን ዝሰርሖ ዝነበረ ፍላጻታት ብብረታት (metals) ቀይሩዎ። ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ዝነበሩ ግድላት፡ ብምህዞኡ እናቃለሎም መጺኡ። እታ መጀመርታ ዝመሃዛ መንኰርኰር ሎሚ ካብ መሬት ሓሊፉ ኣብ ማርስ ተሽኮንድር ኣላ። ብልሒ (ላማ)፡ ሓዊ፡ መጽለሊ፡ ክዳን፡ ሓሪስካ ምብላዕ፡ ርስሓት ዝኣልየሉ ኣገባብ፡ ምጽራይ ማይ፡ ጸረ ነፍሳት፡ ምኽዛን መግብን ካልእን እቲ ፈለማ ንህይወት ሰብ ዝለወጠ ተርጋኢ ምህዞታትን ርኽበታትን እዩ። ካብ 17 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ድማ ናህሩ ክውሰኽ ተራእዩ። ስልጠነ ግዝኣታት ኣዝዩ እናዓበየ፡ ነናቱ ፍልስፍና፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ካልእን ኣማዕቢሉ። ንዅሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ነገራት ክግንዘበሉ፡ ክመራመረሉን ክፈልጦን ጀሚሩ። ኣብ 18ን 19ን ክፍለ ዘመን ከኣ ንዅሉ ፍልጠት እዛ ዓለም መሰረት ዝኾኑ ሓሳባት፡ ፍልስፍናታት፡ መርምራት፡ ምህዞታትን ርኽበታትን ተራእዩ። ካብዚ ኵሉ ጉዕዞ ደቂ ሰብ ክውሰድ ዝከኣል ግንዛበ እንተ'ሎ እምበኣር፡ ምህዞን ደቂ ሰብን ዘይነጻጸል ኲይኑ ምህላዉ'ዩ።





ዓለም መመላእታ የብላን ክብሃል ብዙሕ ግዜ ይስማዕ እዩ። ድልየታት ሰብ ጫፍ ሰማይ'ዩ ደረቱ። ኣእምሮኡ'ውን ከምኡ። ሰብ ሕጽረት ክሳዕ ዝሃለዎ ካብ ምምሃዝ ዓዲ ኣይውዕል'ዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል እዚ ዓለም ዝነብር ሕብረተሰብ፡ ነናቱ ደረጃ ናብራ ኣሎዎ፣ ምስኡ ከኣ ክምልኦ ዝደሊ ዝጐድሎ ነገር ወትሩ ኣሎዎ። ምህዞ እምበኣር ነዚ ዝምልእ ጥበብ እዩ። ስልጣነን ምዕባለን ዓለም ብእልቢ ዘይብሉ ምህዞታት ዝመጽአ'ዩ።

ናይ መሃዝቲ ፍርያት ንህይወትና ለዊጡዎ'ዩ። እዚ ንህይወትና ለዊጡ ዘሎ ምህዞታት፡ እቶም መሃዝቲ'ውን ንህይወቶም ክልውጡ ኣኽኢሉዎም ማለት'ዩ። መሃዝቲ ንህይወት ሰብ ክንዲ ምንታይ ጸልየሞ ኣለው ንምርድኡ ኣየሸግርን። ኣብ ብዓቲ ዝሰፍሩ ዝነበሩ ሰብ፡ ንሓዊ ምርካቦም ምቈት ክረኽቡን መግቦም ክብስሉን ኣኽኢሉ። ኣብዚ ግዜ ከም እንስሳ ጥረ ስጋ ክንበልዕ ምኸኣልናዶ፧ ኣሽሓት ዓመታት ዝተማህዘት መንኰርኰር ኣብዚ ግዜ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈታትና ኣተያ ትርከብ ኣላ። መጓዓዝያ ዘዋሪ ነገር እንተ ዘይህሉ ከም ቀደም ብእግርና ወይ ኣብ በቕሊ ተወጢሕና ንኸይድ ምሃለና፣ ጸማቝት ጽማቝ፡ ጠሓኒት፡ ሽንትሌተር፡ 'ማውዝ'፡ ኣዝዮም ብዙሓት ናይ ኢንዱስትሪ ሕርሻ መሳርሒታት፡ ፋብሪካታትን ካልእን ካብታ ንእሽተይ ዝነበረት ምህዞ ዘዋሪት መንኰርኰር ዝማዕበለ'ዩ። ሓንቲ ንእሽተይ ምህዞ ንሓደ ዓርሞሽሽ ስልጣነ ፈጢራ ትርከብ።

ሎሚ ሰብ ኣብዚ ብምህዞ ዝማዕበለ ተክኖሎጅያዊ ኣቓሑ ንህይወቱ ኣዕቍቡ ይኸይድ ኣሎ። ብዘይ ክዳንን መጽለልን ክንነብር ንኽእል ኰይኑ ኣይስምዓናን። ክዳን፡ መጽለሊ፡ መግብን ጽሩይ ማይን ካብቲ ኣዝዩ መሰረታዊ ጠለባት ደቂ ሰብ ካብ ዝኸውን ውሑድ ኣይገበረን። ብዘይ መንበሪ ምንባር፡ ምንባር ክንቈጽሮ ኣይንኽእልን ኢና። ጥዑይ መግብን ጽሩይ ዝስተ ማይን ከኣ ኣዝዩ መሰረታዊ'ዩ። ሰብ ዓብሊሉ ክቕጽል ዘኽኣሎ ሓደ ካብ ዓበይቲ ርኽበታት ጸረ ነፍሳት ዝኾኑ መድሃኒት ክምህዝ ምኽኣሉ'ዩ። እዚ እንተ ዘይገብር ብሓደ ክልተ ወቕቲ ምጸነተ ነይሩ። ብዘይ ሕክምናን መድሃኒትን ዓመት ክንጸንሕ ኣይንኽእል ኴንና ኣለና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጽላት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፡ ኣብ ምህዞኣዊ ስራሓት ከይተጸጋዕና ክንነብር ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ በጺሕና ኣለና።

ኵሎም መሃዝቲ ብገለ ወገኖም ጥበበኛታት ክኾኑ ግድን'ዩ። ሓደ ሓድሽ ነገር ክትምህዝ እንተ ኴንካ፡ ሓደ ንኻልእ ዘይተራእየ ንኣኻ ተራእዩካ ኣሎ ማለት'ዩ። ኵሎም መሃዝቲ ከኣ፡ ድሕረ ባይታኦምን ዋጋ ፍርያቶምን ብዘየገድስ፡ ሓደ ነገር ንኽምህዙ ሓደ ዝተወሰነ ቃልሲ ኣሕሊፎም'ዮም። ብሓደ ለይቲ ሓደ ሓሳብ ብልጭ ስለ ዝበሎም፡ ንጽብሓይቱ ኣንጊሆም ክምህዙ ምርኣይ ኣብ ታሪኽ ምህዞ እዛ ዓለም ኣዝዩ ውሑድ ተርእዮ'ዩ።

ማዕረ ማዕረ ምህዞ ዝኸይድ ናይ ሰንዓ ስርሓትን'ውን ናብራ ሰብ ካብ ዘቃለለን ዝዓበየ ግደ ዝሓዘን እዩ። ሕብረተሰባት ዓለም፡ ነናቶም ደረጃ ምዕባለ ወይ ስልጣነ ኣሎዎም። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ምስ ደረጃኡ ዝኸይድ ሕጽረታት ኣሎ። ምህዞ ልክዕ ከም ህላወ ደቂ ሰብ ጐድኒ ንጐድኒ ዝኸይድ'ዩ። ቀዳሞት ሓደ ነገር ምስ መሃዙ ኣብኡ ደው ኣይበለን። ዝሰዓቡ ወለዶታት ነቲ ኣቐዲሙ ዝተማህዘ ብምጽናዕ፡ እናሰንዐውን እናኣማሓየሹን ናብ ሓደ ደረጃ ኣብጺሖሞ። እቶም ድሕሪኦም ዝመጽኡ ከኣ ናብ ገለ የብጽሑዎ። ከምኡ እናበለ ገና 'ከይፈተወ' ዝቕጽል መስርሕ'ዩ። ደረጃታት ናብራ ካብን ናብን ዝፈላለ ካብ ኰነ፡ ግድን እቲ ዓለም በጺሓቶ ዘላ ተክኖሎጂ ዘይበጽሖም ክፋል ዓለም ዝርከቡ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ጸጋ ብምስናዕ ናብራኦም ከማሓይሹ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። እዚ ብዘሎካ ጸጋ ተጠቒምካ ዝግበር ሰንዓ፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ መሓውር ለውጢ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ይገብሮ። ኣብ ሃገርና ዓመታዊ ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫላት ዝቐርብ ምህዞን ሰንዓን፣ እንተላይ ብሃማመተኤ ዝካየድ ውድድርን ምርኢትን ምህዞን ሰንዓን ምስናይ ውድድር ፈጣራዊ ሓሳብ ምስ እንዕዘብ'ውን እኹል መረዳእታ'ዩ።

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: Makda, how you spell 'crocodile?'
Makda: k-r-o-k-o-d-i-a-l.
Teacher: No, that is wrong.
Makda: Maybe it is wrong, but you asked me how I spell it.

***

Teacher: Maria, go to the map and find North America?
Maria: Here it is.
Teacher: correct. Now class who discovered America?
Class: Maria.

ሜሪ ማና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ካብ ቅኑዕን ተስፋ ቈርጽን ምኳን፡ ግጉይን ትስፉውን ምኳን ይሕሸኒ።"

- Albert Einstein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ

ሰረበ እስቲፋኖስ
(5ይ ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ መጽሓፍ "An African People's Quest for Freedom and Justice: A Political History of Eritrea 1941-1962፣" ንኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ዘልዓሎ ጉዳያት ነቲብና ነይርና። ኢጣልያ ኣብ ውግእ ዓድዋ ድሕሪ ምስዓራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዓስከር ብሃጸይ ምኒሊክ ዝተፈጸመ ጭካነ እውን ጠቒስና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

ድሕሪ ውግእ ዓድዋ እንታይ ከምዝገጠመ ክገልጽ ከሎ ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ ተሰፋይ፡ ሃጸይ ምኒሊክ ኣብ ልዕሊ ንኢጣልያ ዘገልገሉ ኤርትራውያን ዓስከር ዘውረዶ ጭካነ ከም ዝሃሰሶ ምዃኑ ክገልጽ ብዙሓት ፈተውቲ ምምሕዳር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዝሰርሑ ኤርትራውያን ብዘይ ፍርዲ ኢዶምን እግሮምን ተቘሪጹ ከም ዝተቐጽዑ ብዝርዝር ይገልጽ ...

ድሕሪ ውግእ ዓድዋ እንታይ ከምዝገጠመ ክገልጽ ከሎ ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ ተሰፋይ፡ ሃጸይ ምኒሊክ ነቲ ዝተዓወተ ሰራዊቱ ሓዚሙ ናብ ኤርትራ ብምእታው ንቶም ዝተረፉ ኢጣልያውያን ወተሃደራት ክንዲ ምህዳን ናብ ሸዋ ከም ዝተመልሰን ካብኡ ተበጊሶም ከኣ ወራርም ናብ ደቡብ ምብራቕን ምዕራብን ኢትዮጵያ ከም ዝቐጸሉን የረድእ። ንምንታይ ንድሕሪት ተመሊሶም ንዝበል ሕቶ ድማ ዝተፈላለየ ምኽንያት ከም ዝወሃቦ ይሕብር። እዚ ነጥቢ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ብዝዕባኡ ንእሽቶ ምባል ዘድሊ ይመስለኒ። እቲ ኢትዮጵያውነት ኤርትራ ክጉህድ ዝጸዐር ትረኻ ንኢጣልያውነት ኤርትራ ክቕበል ስለ ዘይፈቅድ፡ ዝተፈላለየ ምኽንያት'ዩ ዘቕርብ። ገለ ገለ ካብቶም ዝቐርቡ ምኽንያታት፦


1) እቲ ሃጸይ ምኒሊክ ናብ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዝጠቕለሎ ዝተፈላለየ ህዝቢ፡ ምድኻም ሃጸይ ምኒሊክ ደጺቡ ስለ ዝነበረ፡ ምቹእ ባይታ ረኺቡ ካብ ኢትዮጵያ ከይግንጸልን ጀነራል ባልዲሰራ ድማ ምስ 15,000 ሰራዊት ካብ ኢጣልያ የምጽእ ከምዝነበረ ወረ ስለ ዝተዘርገሐ፣ (ተኽለ ጻድቕ መኩሪያ፡ የኢትዮጵያ ታሪክ - ከዐፄ ቴዎድሮስ እስከ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ - 1961 ግ.ኢ.ዘ)፣

2) እቲ ሰራዊት ምስ ምንዋሕ ግዜ ሰልኪዩዎ ስለ ዝነበረ፡ እንተደለየ'ውን ምስ ስንቁ ከይምቱን ሓሽራቱን ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝነበረ፡ ንኡ ዝኸውን እኹል ማይን ቀለብን ኣብ መሬት ኤርትራ ክርከብ ስለ ዘይክእል (ተኽለ ጻድቕ መኩሪያ፡ ዐፄ ምኒሊክ እና የኢትዮጵያ አንድነት - 1983 ግ.ኢ.ዘ)፣

3) ሰራዊት ኢትዮጵያ ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ብጥሜት ተጎዲኡ ስለ ዝነበረን ሚኒጀር ሳልሳ ንሃጸይ ምኒሊክ እቶም ዝሞቱ ወተሃደራት ኢጣልያ ክሰዕ ዝቐበሩ ግዜ ክህቡዎን ናብ ሓማሴን (ኤርትራ) ንዳዎ ከይሰግሮ ስለ ዝለመኖ (ምንጮታት ብምጥቃስ ጳውሎስ ኞኞ፡ አጤ ምኒሊክ 1984 ግ.ኢ.ዘ)፣

4) ዕጥቀም ጸቢቕ ብዘይምንባሩን ኣብቲ ውግእ ድማ ብዙሕ ክሳራታት ስለ ዝወረዶምን (ዳዊት ወልደጊዮርጊስ፡ Red Tears – War, Famine and Revolution in Ethiopia - 1989) ዝበሉ ይርከብዎም።

እቶም ቀሪቦም ዘለዉ ምኽንያታት፡ ሃጸይ ምኒሊክ ልክዕም ፈለጦም ናብ ዝመጽኣሉ ብምምሳሎም ዘይተሓገሱ ጸሓፍቲ ዘቐርብዎም እዮም። ነቶም ኣብ ምምስራት ኢትዮጵያ ዓቢ ግደ ከም ዝተጻወተ ዝኸርዩሉም ምኒሊክ፡ ወሰንቲ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ስለ ዘይገበሩዎም፡ ንምንታይ ኣህሪፍኩም ትሕንቅቑና ኢሎም ከይወቐሱዎም ግዲ ክብዶም ኮይኑ ብብዙሕ ፍቓደዮም፡ እዝን እትን ስለ ዝኾንኩም ኢኹም ከም ኡ ዝገበርኩም ኢሎም ምኽንያታት ክፈጥሩሎም ይረኣዩ። እቲ ጥሜትን ጽምኣን እንተኾነ፡ ንኽልተኦም ወገናት'ዩ ሃሰዩዎም ዝነበረ። ኢጣልያውያን ምንጪ ማይ ብሰራዊት ምኒሊክ ተታሒዙዎም ተሸገርም ከም ዝነበሩ ባዕሉቶም እቶም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ (ንኣብነት፡ ጳውሎስ ኞኞ አጤ ምኒሊክ ገጽ 204) ናብ ኤርትራ ምስጋር ግን ውጥኖም ስለ ዘይነበረ፡ ነቲ ምስ ምኒሊክ ውዕል ሰላም ክገብር ዝተላእከ ሚኒጀር ሳልሳ፡ ንሰላም ውዕል ሰላም ክገብሩ እንተኾይኖም፡ ኢጣልያ ንዶዲ ግራት ክትገድፋ፡ ብወግዒ ኢጣልያ ሞግዚት ኢትዮጵያ ከም ዘይኮነት ክትእውጅ፡ ብመሰረት እቲ ኣቐዲሞም ዝኣተውዎ ውዕል ውጫሌ፡ ካብ ወሰን ትግራይን ኤርትራን ክተንሳሕብን ናጻ



ገለጾም ኣለዉ። ፖል ሄንዝ (The Layers of Time - 2000)፡ ብበርትየሪ ዝምራሕ ዝነበረ ሰራዊት ንኣርባዕተ መዓልቲ ጥራሕ ዝኸውን ስንቂ እዩ ነይሩዎ ክብል ከሎ፡ ሰቨን ርበንሰን (The Survival of Ethiopian Independence - 1991) ድማ ብሓፈሻ ሎጂስቲካዊ ቀረብ ብወገን ኢጣልያዊ ሰራዊት ትሑት ምንባሩ ይምስክር።

እቲ ሰራዊት ምኒሊክ ከቢድ ክሳራ ስለ ዝወረዶ'ዩ ዝብል ምኽንያት'ውን ነቲ ሓቂ ብልክዕ ዝገልጽ ኮይኑ ኣይርከብን። ብመሰረት ፖል ሄንዝ (The Layers of Time - 2000)፡ ካብ ሰራዊት ኢጣልያ 7,000 ክሙቱን 1,500 ድማ ክቖሰሉን ከለዉ፡ 3,000 ተማረኽም ነይሮም ይብል'ሞ ብወገን ኢትዮጵያ ከኣ 6,000 ምውታትን 8,000 ዝኾኑ ቁሱላትን ነይሮም። እቶም ዝቖሰሉን ዝሞቱን ወተሃደራት ኢጣልያ ካብቲ 20,000 ዝተገመተ ሓፈሻዊ ቁጽሪ ብሚእታዊ ክጽብጸቡ ከለዉ፡ 42.5% የቑሙ። እቲ 3000 ቁጽሪ ምሩኻት እንተ ተደሚሩ ድማ ኢጣልያ 57.5% ካብ ሰራዊታ ከሲራ ነይራ ማለት እዩ። ብወገን ኢትዮጵያ ድማ እቲ ክሳራ ካብቲ 100,000 ተገሚቱ ዝነበረ ሰራዊታ፡ 14% ጥራሕ እዩ ነይሩ። ስለዚ ነቲ 42%ን 14%ን ጥራሕ እንተኣወዳደርናዮ፡ ክሳራ ኢጣልያ ሰለስተ ዕጽፊ ናይ ኢትዮጵያ ነይሩ ማለት'ዩ። ፖል ሄንዝ (ከምኡ)፡ ክሳራ ኢትዮጵያ ብመጠኑ ቁጽሪ ጥራሕ ክረአ እንከሎ፡ ካብቲ ናይ ኢጣልያ ዝዛየደ'ኳ እንተኾነ፡ ሰራዊት ባራትየሪ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተደምሰሰ ሰራዊት ምኒሊክ ድማ ከም ሓደ ሰራዊት ጥሙር ሓይሊ ኮይኑ ከም ዝወጸ፡ ካብቶም ዝሞቱ ዝበዝሑ ኢጣልያውያን፡ ኣሽሓት ጠበናጁን ሓያሎ መድፍዕታትን ከም ዝማረኸን እቶም ኢጣልያውያን ነቶም ዝበሩዎም ከበድቲ ኣጽዋራት ብምሉኦም ከም ዝሰኣኑዎምን የረድእ። እዚ እዩ ነይሩ እቲ ሓቂ። እቶም ዘምጽእዎ ገድሮም ዝነበሩ ሃጸይ ምኒሊክ ግን ዶብ እንተተሰጊሩ ብዙሕ ስጋ ኣይከይደን ኢሎም ንቐዋእም ድሕሪ ምምላስ ናብ ናይ ሎሚ ደቡብ ኢትዮጵያ ወፈርም ሰፊሕ መሬት ገቲሩ።

ንዶዲ ካብ ናብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክትፈቅድ ድልውቲ ክትኮውን ከም ዝነበረን ሓቢሩዎ (ፖል ሄንዝ፡ The Layers of Time - 2000)። እዚ'ዩ ነይሩ ቀንዲ ዋኒናም።

ካልእ ንዋንነት መሬትን ባሕርን ኤርትራ ዝምልከት ጠለብ ኣየቕረቡን - ስለ ዘይምልከቶም። ስለዚ፡ ኢጣልያ፡ ነቲ መሬተይ ዝበሉዎ ክትሓድገሎምን ልኣላውነቶም ከተኽብረሎምን ደኣ'ዮም ዝሓተቱ'ምበር፡ ንኤርትራን ባሕራን ኣረክብኒ ኣይበሉን። ነዚ ዘራጉድ ሓቂ፡ ፖል ሄንዝ (ከምኡ) ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ይገልጾ፦ "ኣብቲ ብ26 ጥቅምቲ 1896 ዝተፈረመ ውዕል ኣዲስ ኣበባ፡ ኢጣልያ 'ምሉእ ብምሉእን ብዘይ ዕቃበን ንናጽነት እምባራጦርያ ኢትዮጵያ' ኣፍልጦ ሂባ፡ ከምኡ'ውን ምሩኻት ውግእ ንዓደም ክምለሱ ሰማማዕ ተገብረ፡ ኣብ መፋርቕ 1897 ድሮ ልዕሊ 1,700 [ምሩኻት] ናብ ዓደም ወይ ናብ ኤርትራ ተፋንዮም ነይሮም" (ገጽ 172)። ምኒሊክ ተዓዊትኑየም ዝበሎም ብልሚ ኣብ ኢዶም ነይሩዎም እዩ። ንሰራዊት ኢጣልያ ምሉእ ብምሉእ ደምሲሶም፡ ንኣጽዋራቱ ብኸሉ ማሪኾም፡ ከቢ ክልተ ሽሕ ዝኸውን ምሩኽ ሒዞም፡ ሊቀ ጳጳሳት ሮማ ከይተረፉ ነቶም ምሩኻት ብሰላም ክፍንዉዎም ዝሓተቱዎም ደብዳበ ምሕጽንታ ኣብ ኢደም ጨቢጦም እናሃለዉ፡ ንጠለቦም ካብቲ ኢትዮጵያዊ ዶብ ዝሓለፈ ንኣልዕሊ ኣይመጠጡዎምን - ደረቶምን ልክዖምን ደቡብ ካብ መረብ በለሳ መና ምንባሩ እምነት ስለ ዝነበሮም።

እምበር፡ ምምላስ ሃጸይ ምኒሊክ ካብ ዓድዋን ምምላስ ሃጸይ ዮሃንስ ካብ ደማዕለን ምጥጣሙ ናይ ወዘብዶ ነይሩ ይኸውን፤ እዚ ሓቂ ዘመልክቶ እንተሎ፡ እቶም ቅዱማን ድሑርን ብምዃን ሃጸያት ናይዛ ናይ ሕጂ ኢትዮጵያ ኮይኖም ዝተቐልቀሉ መሪሕቲ፡ ወሰኖም ደቡብ ካብዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ምንባሩ ስለ ዝፈለጡን ዝኣመኑን እዩ። ተግባር ካብ ቃላት ንላዕሊ ስለ ዝገልጽ፡ ተግባራቶም፡ ዋንነት ኤርትራ ዝም ናይ ሕጂ ኢትዮጵያውያን ዘይኮነ ዝም ናይ ሕጂ ኤርትራውያን ከም ዝምልከት ኣረጋጊጹ'ዩ።

ናብ ቀንዲ ዛዕባይ ክምለስ፡ ጸሓፊ ቀጺሉ፡ ናብ ውግእ ዓድዋ 1896ን እቲ ፍጻመ ከኣ ኣብ ምሕንጻጽ ንጹር ዝኾነ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበሮ ጉሉሕ ኣበርክቶን እዩ ዝኣቱ። እቲ ንመስመር መረብ በለሳ መና ከም ዶብ ግዝኣት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምፍላጡ ብኢጣልያን ሃጸይ ምኒሊክን ዝተፈረመ ስምምዕ እቲ ንመረብ ምላሽ ወይ ምድሪ ባሕሪ ንዘመናት ካብ ትግራይ ዝፈሊ ዝነበረ መስመር ዘኽበረ ምንባሩ የዘኻኽር። እዚ ንሕጋውነት ኤርትራዊ መንነት ዘኽበረ ውዕል'ዚ ህላውነቱ ከርኢ ግዜ ከም ዘይወሰደሉን ከም ብዓል ኣብበከር ኣሕመድ፡ መሓመድ (ኣሕመድ) ኑሩ፡ ዑስማን ቡሪን ደጃዝማች ማሕራይን ዝኣመሰሉ ኤርትራውያን ኣንጻር እቲ ኢጣልያ ዝኣወጀቶ ፖሊሲ ግቡታ መሬት ክቃለሱ ዝተራእዩሉን ምንባሩ ይጠቕስ። እቲ ግርምቢጥ ግን ይብል ኣለምሰገድ፡ ነቲ እቶም ኤርትራውያን ምእንቲ ርስቶም ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ዝገበሩዎ ዝነበሩ ቃልሲ፡ ባዕሎም ሃጸይ ምኒሊክ ብመንገዲ ንትግራይ ዘመሓድር ዝነበረ ወከሎም ደጃዝማች ገብረስላሰ ኣቢሎም የፍሽሉዎ ምንባሮም'ዩ። ብሓቂ ድማ፡ ሃጸይ ምኒሊክ፡ ምስቲ ንህላውነቶም ከጥፍእ ኣብ 1896 ኣብ ዓድዋ ዝገጠመ መግዛእታዊ ሓይሊ ኢጣልያ ክተሓባበሩ ምርኣዮም፡ ንኢትዮጵያውነት ኤርትራውያን ዘይትሓሱ ንኤርትራውነት ኤርትራውያን ይኣምኑሉ ምንባሮም ዘረጋግጽ ተግባር'ዩ ዝነበረ። ነቲ ድሕሪ ዓወት ውግእ ዓድዋ ካብ ትግራይ ንሸዋ ክምለሱ ዝነበሮም ተባሂሉ ዝቐርብ ምኽንያት ድማ ዘፍሽል እዩ ዝነበረ።

እቲ ብኤርትራውያን ዝተራእየ ተቓውሞ፡ እቲ ህዝቢ ማዕረ ክንደይ ምስ መሬቱ ዝጠበቐ ዝምድና ከም ዝነበሮን እቶም ኣብዩ ቦታኡ ማሰል ንብረትን ህይወትን ከረጋግጹሉ ዘቖሞም ሕግታት እንዳባ ንህላውነቱ ከም ጥሙር ህዝቢ ዘጉልሑን ንዝገርት ዘበቕዑ ክብርታት ምንባሮምን ዘርእዩ እዮም። እዞም ሕግታት ኣብ ውሽጡን ጉደቦታቱን ብሰራት ዘናበሩዎ ስለ ዝነበሩ፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ሓደ ንኽጥርንፎም ኣብ መውዳእታ ድማ ሃገር ክኾኑን ዘኽኣሉ እዮም ነይሮም። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ዋላ'ኳ እቶም ኢጣልያ ኣብ ሓደ ዝጠመሪዮም ህዝብታት ኣቐዲሞም ቅርጺ ሃገርነት ኣይነበሮም፡ መሰረታዊ ዝኾነ ፍልልይ ከም ዘይነበሮም፡ እቲ ኣብ ሓድሕዶም ዝነበሮም ዝተጠናነበ ዝምድና ድማ ክጸኑ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ብሄርን ከበቢያውን ፍልልይ ዘኸይድ ከም ዝነበረን ጸሓፊ ታሪኽ ኣለምሰገድ ወሲኹ የረድእ። እቲ ከም ብዓል ኣንዳርጋቸው ጽጌ ዝኾኑ ናይ ዘርኢ ምትእስሳር የብሉን ኢሎም ዝዛረብሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከመይ ዝበለ ምትእስሳር ከም ዘሎዎ፡ ፊተውራሪ ሚካኤል ሓሰማ ረካ (ዛንታ ኤርትራ፡ ቃል ይሓልፍ ጽሑፍ ይተርፍ - 1986) ንዝጸሓፉዎ ምምልካት'ውን እኹል ምስክርነት እዩ። ፊተውራሪ ሚካኤል ከምዚ ዝስዕብ እዮም ዝበሉ፦ ". . . ዓሌታት ኤርትራ በበኣውራጃኡ ብቛንቋን ሃይማኖትን ኣይወሰነን እዩ። ኩሉን ዓሌታት ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኣውራጃታት ፋሕ ኢሉን ይቕመጥ። መብዛሕትኡን ናይቲ መናብርተን ዓሌት ባህልን ሃይማኖትን ቋንቋን ይሰዕብ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ምስ ካልእ ዓሌት ዘይተደባለቐ ዓሌት ኣሎ ክበሃል ኣይክኣልን። ንባህሊ ዝልወጦ ዓሌት ኣይኮነን፡ ቦታን ኩነታት ናብራኡን እዩ" (ገጽ 232-233)።

ስለዚ እቶም ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ድልዱል ንክኸውን ኣበርክቶ ዝበርም ሕግታት እንዳባ ክሽልዉ ምጽዓር የድሊ። ንሱ'ዩም ከም ህዝቢ ዝገልጹናን ህዝብታት ኤርትራ ድማ ካብ ቀድም ጸግዐተኛ ማንም ወገን ከይኮኑ፡ ባዕሎም ብዝርቀቑዎ ናይ ገዛእ ነብሶም ሕግታት ዝምሕደሩን ዘመሓድሩን ምንባሮም ታሪኻውያን ምስክራት እዮም።

ኣሰዪቡ ጸሓፊ፡ እቲ እዋን ኣብ መዳይ ማሕበራዊ ቁጠባ ኤርትራን ህዝባን ሓደሽቲ ዓበይቲ ለውጢ ዘመዝገቡሉ ከም ዝነበሩ ብኣሃዛት ኣሰኒዩ ኣቕሪቡ ኣሎ። ካብቶም ዝተራእዩ ሓደስቲ ለውጥታት ሓደ ኣብ ዕስክርና እዩ ዝነበረ። እቲ ኣብ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተዓስከረ ቁጽሪ ኤርትራዊ በብግዚኡ እናዓበየ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ኣብ 1935 ኣብ ዝወረረትሉ እዋን ናብ 60,000 ኣብሉ ከም ዝተወንጨፈ የረድእ። እዚ ድማ በቲ ግዜ'ቲ ልዕሊ 10% ካብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ነይሩ።

እዚ ሓቂ'ዚ፡ ሓደ ዓቢ ቀም ነገር ኣሎም። ነቲ ካብ ጥንቲ ኣትሓዚ ኣብ ኤርትራውያን ዶብ ሰገር ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ስምዒት ነይሩ ዝብል ኢትዮጵያዊ ትረኻ ዘፍርስ'ዩ። ዓሰርተ ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ወተሃደር ኢጣልያ ኮይኑ ክርከብ ከሎ፡ ብኸመይ መንገዲ ኢትዮጵያዊ ስምዒት ካብ ዘሎዎ ህዝቢ ከም ዝወጽኡ፡ ባዕሎም እቶም ጸገዐ ኢትዮጵያዊ ትረኻ ከረድኡና ኣሎዎም። ካብ ሓደ ጽላት መግዛእታዊ ምምሕዳር ጥራሕ ክንደዚ ዝኣክል ቁጽሪ ኣንጻር'ታ ሃምሻን ቀልበሻን ምሳይ እዩ ነይሩ እትብሎ ኣካል እንተጸሚዱ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ምኻኑ ምጉት ዘድልዮ ኣይኮነን። ኢጣልያ ኣብ 1896 ኣብ ውግእ ዓድዋ ኣብ ዝተሳዕረትሉ ልዕሊ 17,000 ሰራዊት ከም ዝነበሩዋ ኣለምሰገድ ክገልጽ ከሎ ፖል ሄንዝን (The Layers of Time - 2000) ሰቨን ርበንሰንን (The Survival of Ethiopian Independence - 1991) ድማ 20,000 ከም ዝነበሩ ይገልጹ። ካብዚ ቁጽሪ'ዚ፡ እቶም ፍርቆም ኤርትራውያን ዓስከር ከም ዝነበሩ ሰለስቲኦም ጸሓፍቲ ይገልጹ። ኢጣልያ ኣብ 1935 ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረትሉ ድማ ልዕሊ 50,000 ኤርትራውያን ምስኣ ነይሮም። ብሚእታዊት ክርኣ እንከሎ፡ ነቶም ዓስከር ኢጣልያ ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ጉዳይ ኢጣልያ ደኣ'ምበር ጉዳይ ኢትዮጵያ ጉዳዮም ከም ዘይነበረ ዘጽር'ዩ። እቲ ብወገን ኢትዮጵያ ዝነበረ ወተሃደር፡ ኢትዮጵያዊ ሰራዊት ዝበል ስም ዝወጸ እንተኾይኑ፡ እቲ ብወገን ኢጣልያ ዝነበረ ወተሃደር ድማ ኢጣልያዊ ሰራዊት እዩ ነይሩ። ክልተ ዓይነት ኣጸዋውዓ ክህሉ ኣይክእልን፡ ኣይግባእን'ውን። እንተኾነ፡ እቶም ጸገዐ ኢትዮጵያዊት ጸሓፍቲ፡ ነቲ ኣብ ክልተኡ እዋናት ናብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝሰለለ ቁጽሪ ኤርትራውያን ዓስከር ብምጉናን፡ ብወገን ኤርትራውያን ብቐደሙ'ውን ዶብ ሰገር ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ስምዒት ነይሩ'ዩ ዝብል ትረኻ ንምጉላሕ ተጠቒሞምሉ ንረኽቦም።

ይቕጽል . . .

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ


# ጉዕዞ 35 ዓመታት ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ሚኒስትሪ ሕርሻ



ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓደ ኻብቶም ቀዳሞት ኣብ ኣፍሪቃ ዝተመስረቱ (1903 ዓ.ም ተሃኒጹ) ትካላት ሕክምና ኰይኑ፡ ክሳብ 1973 ጽቡቕ ኣገልግሎት ይህብ ነይሩ። ካብ ከባቢ 1974 ክሳዕ ዕለተ ናጽነት፡ ዝዓበየ ክፋል ትሕተ ቅርጹን መሳርሒታቱን ዓንዩ፣ ብድሩት ዓቕሚ'ዩ ውሱን ስራሓት ላቦራቶሪ ዘካይድ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት፡ ንዕዙዝ ኣገዳስነት ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብባጀት መንግስትን ናይ ልምዓት መሻርኽትን ተደጊፉ፡ ግቡእ ኣገልግሎት ንኽህብ ዘድልዩዎ መሰረታውያን ጠለባት ንምዕጣቕ፡ ማለት፡- እተፈላለዩ ክፍልታት ላቦራቶሪ ብምህናጽ፡ መስመራት ኤለክትሪክን ማይን ብምዝርጋሕ፡ ቁጽሪ ምሁርን ስልጡንን ዓቕሚ ሰብ ብምዕባይ፡ እተፈላለዩ ናይ ላቦራቶሪ መሳርሒታት ብምዕዳግን ምትካልን፡ ናይ ላቦራቶሪ ቀመማትን ሃለኽቲ ነገራትን ብምዕዳግ... ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጽቡቕ ዕብየት ከርእን ሰፊሕ ኣገልግሎት ክህብን በቒዑ። ገለ ካብቶም ድሕሪ ናጽነት ዝተሰርሑ ስራሓትን ዝተሓለፉ ዓወታትን ንምጥቃስ፦

እዚ ላቦራቶሪ ኣብ ውሱን ክፍልታት ተደሪቱ፡ ኣብ ምንጻር ውሱናት ሕማማት እንስሳ ጥራሕ ዘተኰረ፡ ዓመታዊ ብገምጋም ካብ 600 ዘይበዝሕ ቅምሶታት (sample) ይምርምር ነይሩ። ኣብዚ እዋን ግን፡ ንኹለን ዓበይቲ ክፍልታትን ጨናፍን ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ'ውን ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ክረኽቡ ዝግብኦም ትካላትን ሓረስቶትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዙሓት ክፍልታት ላቦራቶሪ ሃኒጹ። ኣስታት 700 ሜትሮ ዙርያ ዝሸፍን ቀጽሪ ከኣ ተሃኒጹ፡

ንዝህቦም ዝተፈላለዩ ዓይነትን ብዝሕን ኣገልግሎታት ላቦራቶሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዝቖመሉ ኣገልግሎት ዝዓለማ ሸውዓተ ጨናፍር (5 ተክኒካዊ ኣገልግሎት ዝህባን 2 ኣብ ምምሕዳራውን ብቕዓትን ዘተኰረ ስራሓት ዝሰርሓ) ተመስሪተን። ብተዛማዲ ዝሰፍሐ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ይወሃብ ኣሎ፡ ፡ ኣብ ትሕቲ ነፍሲ-ወከፍ ጨንፈር፡ ነናተን ፍሉይ ኣገልግሎት ዝህባ 3 ክሳዕ 6 ብዝሒ ዘሎወን 34 ኣሃዱታት ተመስሪተን።

ቀንዲ ዕማማት ናይዚ ላቦራቶሪ፦ ምንጻር ሕማማት እንስሳ (Animal disease diagnosis)፡ ምንጻር ሕማማት ባልዓትን ብቑልን (Plant disease and pest diagnosis)፡ መርመራ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ እንስሳን ሰብን (Animal feed and food safety and quality testing)፡ ምፍራይ ክታበት እንስሳ (Animal vaccine production)፡ ምምስራትን ምሕያልን ዞባዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ኰይኑ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ኣተኲሩ ድማ ይሰርሕ።

ኣብ ውሽጢ 35 ዓመታት ናጽነት፡ እዚ ላቦራቶሪ ንእተፈላለዩ ሕማማትን ባልዓትን እንስሳን ብቑልን ምንጻር፡ መርመራ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ እንስሳን ሰብን ምክያድ፡ ከምኡ'ውን ዘፍርዮም ክታበት እንስሳ ብዓይነትን ብዝሕን እናወሰኸ'ዩ መጺኡ።

ኣብዚ እዋን፡ ዓመታዊ ብገምጋም ኣስታት 16,000 ዝኾኑ ቅምሶታት ይምርመሩ። ብዝሕን ዓይነትን ናይቲ ዝምርመር ቅምሶ፡ ኣብቲ ካብ ተገልገልቲ ዝመጽእ ብዝሕን ዓይነትን ትሕዝቶ ዝምርኲስ ስለዝኾነ ትሑት እዩ። ዓቕሚ ናይዚ ላቦራቶሪ ግን፡ ልዕሊ'ዚ ዝተጠቕሰ ቁጽሪ እዩ። ብዝሒ ቅምሶን ዝድለ ሃለኽቲ ነገራትን ኣብ ዝተረኽበሉ ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ልዕሊ 12,000 ቅምሶታት ክምርምርን ልዕሊ 100,000 ክታበት ክፍርይን ይኽእል እዩ።

ካብ 2023 ጀሚሩ፡ ኣብ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ዝተመርኰሰ፡ ብመሰረት ካብ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ዝቐርብ ብዝሕን ዓይነትን ክታበት፡ ጸረ-ሕማም ኒውካስል ደርሁ፡ ጸረ-ሕማም ጉምቦሮ፡ ጸረ-ጉልሓይ መሰል ሕማም ጠለበጊዕ (Peste des petites ruminants' vaccine) ብድምር ልዕሊ 3 ሚልዮን ዶዝ ፈርዩ፣ ብቐጻሊ'ውን ከከም ኣድላይነቱ ይፈሪ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕሙ ተመርኲሱ፡ ግቡእ መስርሕን መለክዒታትን ተኸቲሉ፡ ንኽታበት ጸረ ሕማም ጉምቦሮን ሕማም ሳንቡእ ደርሁን (infectious bronchitis) ዝኸውን ዘርኢ ክታበት (vaccine seed) ክፍሪ ክኢሉ ኣሎ። ሕጂ ኸኣ ንሕማም ጎሮሮ (infectious laryngothrichitis) ዝኸውን ዘርኢ ክታበት ኣብ ምድላው ይርከብ። ንኻልኦት ቀዳምነት ዝወሃቦም ክታበታት ንኽፍሪ'ውን ኣብ ቀጻሊ ፈተነ ይርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ንገለ ኻብቶም ካብ ደገ ተዓዲገም ዝኣትዉ ክታበታት ናይ ብቕዓት መርምራ የካይድ።

ኣብ እዋን ናጽነት፡ ዓቕሚ ሰብ ናይዚ ላቦራቶሪ ካብ 20 ዘይበዝሕ፡ ብደረጃ'ውን ዝበዝሑ ማለት ልዕሊ 96 ሚእታዊት ደረጃ ትምህርቶም ዲፕሎማን ትሕቲኡን እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ግን 58 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም፡ 183 ኣባላት ኣለዉ። ካብዚኦም 79 (43 ሚእታዊት) ደረጃ ትምህርቶም ዲፕሎማን ልዕሊኡን እዩ። እተፈላለዩ ክፍልታት ላቦራቶሪ፡ ብግቡእ ንኽሰርሑ ዘድልዩ ኣገደስቲ ነገራት ንምውሓስ፡ ንኹሉ ክፍልታት ላቦራቶሪ ዘገልግላ እተፈላለያ ናይ ላቦራቶሪ እንስሳታት (ኣባጊዕ፡ ኣጣል፡ ኣናጹ፡ ጊሐ ማንቲለ፡ ደርሁ) ዝሓዘ ማእከል ተመስሪቱ ይርከብ። ነዚ ዘድሊ መሳለጢያታት ኣብ ምቕራብ፡ መስርሕ ምንጻር እተፈላለዩ ሕማማት እንስሳ ከምኡ'ውን ኣብ ምፍራይ ክታበታት እንስሳ፡ ወሳኒ ዝኾነ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ።

ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ 320 ኪሎ ዋት ዘመንጩ ጸሓያዊ ጸዓት ስለ እተተኽለ፡ እዚ ላቦራቶሪ፡ ውሑስን ብቑዕን ሓይሊ ኤለክትሪክ ክረክብ በቒዑ ኣሎ። ኣብ 700 ት/ሜትር ስፍሓት መሬት እተደኰኑ፡ ግቡእ መደርደሪ ንብረት ዘሎዎ መኽዘን ተሃኒጹ፣ ኩሉ ንብረት ላቦራቶሪ ብግቡእ ከም ዝኽዘንን ከም ዝመሓደርን ድማ ኰይኑ ኣሎ። 500 በርሚል ማይ ዝኽዝን ባሰካ ተሃኒጹን ከም ውጽኢቱ ኣብ ኩሉ ክፍልታት ላቦራቶሪ ዝድለ ብዝሕን ዓቐንን ዋሕዚ ማይ ከም ዝርከብን ተገይሩ።

ኣገልግሎ ጽገና ንብረት ላቦራቶሪ ዝህብ ኣሃዱ ተመስሪቱ፣ ኣብ ስራሕ ዘጋጥም ናይ ላቦራቶሪ መሳርሒታትን ንብረትን ብቐረባ ከም ዝጽገን ተገይሩ፣ ብቕዓትን ምሕደራን ላቦራቶሪ ዝከታተል ጨንፈር (Quality Management) ተመስሪቱ፣ ብቕዓቱ ዝተረጋገጸ ናይ ላቦራቶሪ መርመራ ውጽኢታትን ክታበትን ክፈሪ ክኢሉ። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ሃገርና፡ ዞባዊ ላቦራቶሪ ተመስሪቱ፣ ኣድላዪ መሳርሒታትን ሃለኽቲ ነገራትን እናዓጠቐን ኣባላት እናሰልጠኑን ናብቲ ዝድለ ደረጃ ኣብ ምዕባይ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ዞባታት ዝርከቡ ሓረስቶት ኣብ ቀረባኦም ኣገልግሎት ላቦራቶሪ ይረኽቡ ኣለዉ።

ዓመታዊ ኣስታት 260 ካብ እተፈላለያ ኮለጃት ዝመጹ ተመሃሮ፡ ናይ ተክኒካዊ ስራሓትን መሳርሒታትን ሴላን ሓጺር ኣስተምህሮን ይወሃቦም። ብገምጋም ኣስታት 12 ዝኾኑ ብውልቀን ብጥርኑፍን ዝመጹ ተመረቕቲ ተመሃሮ ኮለጅ፡ ከምኡ'ውን ውሑዳት ተመሃሮ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ኣብዚ ላቦራቶሪ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ምርምራዊ ስራሕ የካይዱ።

# ሕርሻዊ ምርምር

## ኣብ 35 ዓመታት ናጽነት

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ኣብ ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነት ሕርሻዊ ፍርያት፡ ዓቢ ተራ ከም እተጻወተ ሰነዳት ናይዚ ትካል የረጋግጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ፡ ኣብ ዕቃብ ጀነቲካዊ ጸጋታት፡ ዛጊት ልዕሊ 6300 ቅምሶታት ዘርኢ (accessions) ናይ ኣትክልትን 160 ዓይነታት ዘራእትን ኣግራብን ዓቂቡ ከም ዘሎ ተሓቢሩ። ኣብ መዳይ ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ካብ 1997 ኣትሒዙ ኣብ ሓልሓለ፡ ጋሕተላይ፡ ሽዕብ፡ ኣኽለለት፡ ዓዲ ቀይሕ፡ ኣቑርደት፡ ሻምብቆ፡ ሓጋዝን ጎልጅን ኣብ ዝርከባ ትሽዓተ ናይ ምርምር ነቑጣታት፡ 52 ዓይነታት ምሩጻት ኣእካል ማለት- ሰርናይ፡ ሰገም፡ መሸላ፡ ብልቲግ፡ ዕፉንን ሱፍን ከምኡ'ውን ጥረታት ከም ዘማዕበለ ይፍለጥ። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ፡ እቶት ዘራእቲ ብልዕሊ ዕጽፊ ክኸውን ዝኽእሉ ምሩጻት ዘራእቲ ተረቢሖም፡ ናብ ሓረስቶት ከም እተዘርግሐ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ ትካል ምርምር ሕርሻ፡ 34 ዓይነታት ኣሕምልቲ፡ ከምኡ'ውን 36 ዓይነታት ፍረታት ብምርምር ኣረጋጊጹ፡ ናብ ሓረስቶት ክዕደሉ ከም ዝገበረ ተሓቢሩ። ኣብዚ እዋን፡ ንመጀመርታ ግዜ 'ሓልሓለ' እተሰምየ ኣብ ሄክታር ልዕሊ 65 ኲንታል ዝፈሪ ሓድሽ ዓይነት ድቓላ ዕፉን ንሓረስቶት ይዕደል ኣሎ። ነዚ ዓይነት ምርምራት ብምሉእ ጥዕና ንምስናዩ፡ እተፈላለዩ ምርምራት ጥዕና ብቕሊ ከም ዝካየዱ፡ ከምኡ'ውን ጽሬት



ዘሎዎምን ካብ ሕማም ናጻ ዝኾኑን ኣዝርእቲ ናብ ሓረስቶት ንምቕራብ፡ ንጥፈታት ቲሹ-ካልቸር ኣብ ምሕያል ይስራሕ ምህላዉ ተፈሊጡ።

ኣብ መዳይ ምርምር ባህርያዊ ጸጋታት፡ ክሳዕ ሕጂ ልዕሊ 16 ሽሕ ናይ ሓመድ፡ ልዕሊ 500 ናይ ማይ፡ ልዕሊ 1750 ናይ ተኽሊ፡ ልዕሊ 170 ናይ ድኹዒ መርመራታት ኣብ ላቦራቶሪ ናይዚ ትካል ከም እተኻየዱ ተሰኒዱ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምርምር ሃብቲ እንስሳ፡ ኣብ ልዕሊ 268 ዓይነታት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ፡ ምርምራዊ ስርሓት ክካየዱ እንክለዉ፡ ካብዚኣቶም እቶም ውጽኢታውያን ዝኾኑ፡ ተባዚሖም ናብ ሓረስቶት ከም እተዓደሉ ተፈሊጡ። ኣብ ምምራጽ ዓሌታት ጥሪት'ውን፡ ዕቱብ ምርምራዊ ስርሓት ይካየድ ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኰይኑ፡ ናይ ገደና ደርሁ ንምምዕባል፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ምርምር ጀሚሩ ይርከብ።

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ እዚ ሕጂ ዘሎዎ ቅርጺ ኣብ 2003 ቅድሚ ምሓዙ፡ ብእተፈላለየ ኣስማት እናተጸውዐን ኣብ እተፈላለየ ቦታታት እናተደኰነን፡ ካብ 1910 ኣትሒዙ ዝቐጸል ዘሎ ምርምራዊ ትካል ኰይኑ፡ ኣብዚ እዋን 270 ጠቕላላ ዓቕሚ ሰብ ክህልዎ እንከሎ፡ እቶም 80% ሞያውያን ተመራመርቲ ሕርሻ ምዃኖም ይፍለጥ።

ህ/ርክባት ሚ/ሪ ሕርሻ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ሰይ-ኣወጥ - ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት- ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይምነ

ሚዝን ዛይድ በርህ ምባል ተሪፉ፡ ሓዳስ ዛይድ በርህ ተባሂሉ ይተኣረመይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ከሳሲት ወ/ሮ ትምኒት ሃብተየም ገላሚካኤል፡ ተኸሳሲ ቀሺ የናስ ተኣምራት ጉብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን22/6/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ


መርሃዊት ሓድጉ ሓጎስ፡ እደይ ኣብርሀት በየነ ጉብረሊባኖስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰለም ሃይለ ሃብተማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሰለሜ ሃይለ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ


## ሪቐ ኣፍ

ሕክምናዊ ምኽሪ ኣፍን ኣሰናንን





## ሓዳስ መጽሓፍ

**ካብ ትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ...**

* መሰረታውያን ሚላታት ምጽራይ ኣፍን ኣሰናንን
* ጽሬት ኣፍን ኣሰናንን ምስ ዘይሕሎ ሕማም ኣሰናን ብኸመይ ይምዕብል
* ሕማማት ኣሰናን ምስ ውሽጣዊ ሕማማት ዘለዎ ምትእስሳር
* ንኣሰናን ዝጠቕሙ ዓይነታት መግብን ኣመጋግባን
* ጠንቂ ሕማም (ምብኹባኹ) ኣሰናን
* ክንክንን ፍወሳን ምብኹባኹ ኣሰናን
* ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ስኒ ምስዳድ ዘኸትሎ ሳዕቤን
* ምኽርን ክንክንን ንምፍዋስ ነድሪ/መድመይቲ ግርጻን
* ምኽርታት ንምክልኻል ጸጸር ስኒ
* ሕክምናን ምኽርን ንምፍዋስ ሕማቕ ሽታ ኣፍ
* ኮልጌት ምጥቃም ሕማቕ ሽታ ኣፍ ይገብር ድዩ?
* ጽሬትን ክንክንን ኣሰናን ህጻናት
* ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ናይ ዝነብሩ ሰባት ወለዲ ወይ ኣለይቲ፡

ብዛዕባ ኣፍን ኣሰናንን ደቀም ክፈልጡዎን ክገብሩዎን ዝግባእ

ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ኣብ ጥዕና ኣፍን ከባቢኡን ዘለዎ ኣፍልጦ ኣብ ምብራኽ እትሕግዝን ኣብዚ ሞያ ንዝነጥፉ ከም መወከሲት ክትጠቅም እትኽእልን መጽሓፍ።



ኣሰናዳኢ፦ ሓኪም ስኒ
ኣምባሳደር መብራህቱ (ኣምበስ)
07843270/07132263

**ኣብ ቤት መጻሕፍቲ...**

ኣውገት - ባሕቲ መስከረም
ጋለሪ - ሆቴል ንያላ
ሰቲት - ባቢሎን
ኣምባሳደር - ፒያሳ ሚኪኤል
መረብ - ባር በረኸት


መሓመድሓሰስ ሕሸን ዑመረዲን +1 ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዚፕ ኮድ 1A176 ጎደና ደቀምሓረ ቁጽሪ ገዛ 116-118 ፕሎት 30 ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP000029353 ፓርሰል 6Z ዝርከቡ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት1:008305 ብስምና ዝተመዝገበ ገዛና፡ ብቑጽሪ ገዛ 116 ዝፍለጥ ብወገን ምዕራብ ዘሎ ክፋሉ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ዋንነት ናብ ስም ዓንጊ ከሰጋሮ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጅናል ጉዳይና ከፈጽም ምዃና ንሕብር።

መሓመድሓሰስ ሕሸን ዑመረዲን

ብስም ሰዮም መሲ መብራህቱ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋርን ASL00024531 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 28B ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ብርኽቲ ተወልደ ጉብረማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ኩዶ በርሰና ቁ.ገዛ 70 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይ ኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሰዮም መሲ መብራህቱ
ሕጋዊ ወኪል ምሕረት መብራህቱ ዓንደሚካኤል

## ምልክታ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር፡ [illegible] ወነንቲ ብርኪ ኣብ መበል 22 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ይጽውዑ።

ቦታ፦ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ (ኣደራሽ ሰላም)
ዕለት፦ 6 ሰነ 2026

ሰዓት፦ 8:00 ቅድሚ ቐትሪ ምጅማር ኣኼባ

ንድፊ ኣጀንዳ

1. ምጽዳቕ ንድፊ ኣጀንዳ
2. ምምዛዝ ኣባላት ኣዳለውቲ ውሳነ ኣኼባ
3. ምጽዳቕ ደቓይቕ ናይ ሕሉፍ መበል 21 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ
4. ኣብ መበል 21 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ዝተላዕሉ ነጥብታት
5. ጸብጻብ ንጥፈታት ሃ.ኮ.መ.ኤ
6. ጸብጻብ ናይ ቦርድ
7. ጸብጻብ ናይ ዓመት 2025 ሕሳብን ምምቕራሕ መኽሰብን
8. ምምዛዝ ኦዲተራት
9. ካልእ ክዝተየሉ ዘለዎ ኣርእስቲ
10. ምውሳን ዕለትን ቦታን ናይ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ

ንኣኼባ ዝምልከቱ ሰነዳት ካብ 3 ሰነ 2026 ጀሚሩ ካብ ቤት ጽሕፈትና ክውሰድ ይከኣል።
እቶም ብኣካል ክሳተፉ ዘይክእሉ ወነንቲ ብርኪ ናይ ውክልና ቅጥዒ ካብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና www.niceritrea.com ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 5 ሰነ 2026 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክልእኩልና ነዘኻኽር።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር
ብትእዛዝ ዲረክተራት ቦርድ

## Notice

Notice hereby given to the public that ZARA SNACK BAR Private Limited Company has been formed among the following members.

**A.** Members

| S/N | Names | Nationality | Share | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1 | RudanaGidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| 2 | EyosiasGidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| 3 | Zara Gidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| 4 | Men'net Gidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| 5 | Dina Gidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| 6 | Issac Gidey | Eritrean | 20 | 20,000.00 |
| | | | 120 | 120,000.00 |

**B.** The head office of the company is in Asmara and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea.

**C.** Business purpose of the company.

1. To engage in bar, snack bar and restaurant service
2. To provide wedding, birthday and other ceremony
3. To engage in Billiards game
4. To engage in other bar related service

**D.** The capital of the company is Nakfa120,000.00 (One hundred and twenty thousand Nakfa) divided into 120 nominal shares. All subscribed and fully paid in cash. The per value of each share is Nakfa1,000.00 (One thousand).

**E.** Mrs. Mitsilal Kidane is appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

**F.** The company is established for unlimited period of time.

**ZARA SNACK BAR PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

## 2.Position: Rig Operator
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for operating the mechanized drill rig machine for the purpose of development blasting, stope blasting and support following a design pattern as given by the technical department.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Operating the machine**

- Accountable for proper operation and utilization of the machine
- Operates mobile drilling machine to drill blastholes horizontally in underground mine
- Operates mobile drilling machine to drill blastholes Vertically or inclined in underground mine
- Training local drillers
- Accountable for each drilled face advance.
- Responsible for lashing and tramming blasted material to designated dump site
- Responsible for works related to service installation, timbering, and other duties as assigned by operations superintendent and shift supervisor.

**Health & safety of Others**

- Observes normal Mining Safety Regulations
- Measures undercutting with steel rod to determine depth of undercut and location of holes to be drilled.

**Controls and Checks**

- Marks hole locations for stopping and support long hole drilling
- Marks hole locations and boundaries of cut on ribs and face

**Housekeeping**

- Plan & coordinate pumping systems, sumps, and infrastructure; working with consultant.

**Health, Safety and Environment**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.
- Facilitate Stop look assess and manage (SLAM), Visible felt leadership (VFL), Planned task observation (PTO) training.

**Unique requirements/other information**

- Effective team member.
- Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Drill Rig trade certification or equivalent<br>• Blasting license Holder<br>• Valid driver's license<br>• First Aid certificate | • 5 years as a long Hole and development driller in an underground mine environment<br>• Experience in underground hard rock mining is essential.<br>• Experience with Siton DL4 /DW 02 Will be advantageous.<br>• Experience with Sandvik DD421/DL421 or similar is desirable.<br>• Experience with Epiroc boomer M2C Jumbo<br>• Drilling and meshing with the above-mentioned machines will is a must.<br>• Experience on other underground drill rigs and hand drills like jack hammer. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Ability to assess risk and diagnostically gather information.<br>• Attention to detail and planning skills.<br>• Results orientated | • Ability to work under pressure.<br>• Excellent teamwork skills.<br>• Self-starter<br>• Drive and enthusiasm<br>• Developmental orientated<br>• Passion for accuracy and perfection in delivery |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**


**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

**ሓደስቲ መጽሓፍቲ** **NEW BOOKS**

**ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ**
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream):
*English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream ):
*English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




**ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡**

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

**ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሖትልኩም ኣላ።** 07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**4.Position: Senior Geotechnical Engineer**
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Reporting to the Reliability Engineer, the Reliability Supervisor is responsible for supporting the performance, reliability, and longevity of mobile mining equipment.
- This role involves leading tribological analysis, developing lubrication strategies, and driving improvements in equipment reliability through data-driven insights.

**Main Functions**

- Geotechnical Database Validation
- Numerical Modeling and Critical Risk Assessment
- Ground Control Design and Infrastructure Geotechnical Support
- Monitoring and Reporting

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Database Validation**
- Correct existing geotechnical database errors (RMR, GSI, Q calculations)
- Re-interpret core logging using established process
- Validate and standardize rock mass classifications
- Establish design parameters and confidence levels

**Numerical Modeling and Critical Risk Assessment**
- Conduct caveability assessments for narrow ore zones
- Analyze crown pillar stability and breakthrough potential
- Perform stress analysis using FLAC3D and Map3D
- Validate mining sequences from geomechanical perspective

**Ground Control Design**
- Design ground support systems for underground excavations
- Develop ground control standards and procedures
- Provide real-time ground control support during construction
- Conduct ground control audits and assessments

**Infrastructure Geotechnical Support**
- Assess infrastructure placement risks and optimization
- Provide geotechnical support for ramps and major excavations
- Evaluate subsidence potential and surface impact
- Support construction with geotechnical guidance

**Monitoring and Reporting**
- Design monitoring systems and TARPs
- Prepare geotechnical reports and recommendations
- Coordinate with planning and operations teams
- Ensure regulatory compliance
- Update GCMP

**Unique requirements/other information**
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor of Engineering in Mining Engineering. | • Minimum of 10 years' experience in the mining industry.<br>• 7+ years geotechnical work experience in hard rock underground mining<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable particularly in Africa. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• MS Office – Intermediate<br>• Competent in geotechnical modelling software, i.e., Map3D, RS2, Dips, Unwedge<br>• Strategic planning & Project planning.<br>• Budgeting ,Plan, organise, and execution.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving | • Communications<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Interpersonal skills.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Good leadership skills. |

**General Information and other requirements:**
- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**
1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

---

## መበል 22 ሓፈሻዊ ኣኼባ
## ወነንቲ ብርኪ


ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር፣ ንኹሉኩም ወነንቲ ብርኪ ንቀዳም 6 ሰነ 2026 ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝካየድ መበል 22 ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ብክብሪ ይዕድም። ኣብቲ ኣኼባ ብኣካል ክሳተፉ ዘይክኣሉ ወነንቲ ብርኪ ናይ መወከሊ ቅጥዒ ካብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና (www.niceritrea.com) ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 5 ሰነ 2026 ሰዓት 12:00 ኣብ ዘሎ ጊዜ ክልእኩልና ነተሓሳስብ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ
ብትእዛዝ ዳይረክተራት ቦርድ

---

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊትን ወረ/ነፍ ጸጌሬዳ መንገሻ ወ/ሮ ኣዜብ ደበሳይ ዑቕባዝጊ +4ን ዘከራኽር ዘሎ፣ ኣብ ይግባይ ሰማዒ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ብይግባይ ደረጃ ይረአ ስለዘሎ፣ 4ይ መልሲ ወሃቢ ኣቶ ኤልያስ ደበሳይ ዑቕባዝጊ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፣ ብመንገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ብምኽንያት 24 ግንቦት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ውድድር 'ሩቢክስ ኩብ' ተኻይዱ



ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ሃገርና

ኣብ መንጎ ተመሃሮ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ውድድር ሩቢክስ ኩብ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ



ብዕለት 27-05-2026 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ ዝተኻየደ ውድድር፡ 21 ተመሃሮ ተሳቲፎም። እዞም ተወዳደርቲ፥ 10 ካብ መባእታ፡ 10 ካብ ማእከላይ ደረጃ፡ 1 ድማ ካብ ካልኣይ ደረጃ እዮም።

ሩቢክስ ኩብ ሽዱሽተ ገጻት ዘለዋ ኮይና፡ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ድማ ናታ ሕብሪ ኣለዋ። ሓንቲ ገጽ ትሽዓተ ምቕልቃል ሕብርታት ኣሎዋ። ስለ ዝኾነ ነዛ መጻወቲት ክትሰርሕ ኣዚኻ መስተውዓልን ትኩርን ክትከውን ኣለካ።

ሩቢክስ ኩብ፡ ብቐራጻይን ፕሮፌሰር ስነ ህንጻን ኢንሮ ሩቢክ ብ1974 ተማሂዛ። መሃዚ ሩቢክስ ኩብ ተወላዲ ሃንጋሪ እዩ።

ኣብ 2025፡ ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ውድድር ዝቐልጠፈ ግዜ ዘመዝገበ ተመሃራይ ሄኖክ ተስፋሂወት ብ41 ካልኢት ቀዳማይ ኮይኑ ምዕዋቱ ይዝከር።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ፈለማ ውድድር ዝካየዱ ተመሃሮ መባእታ እዮም። ካብዞም ዝተወዳደሩ 10 ተመሃሮ፡ ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ኣባርዳእ ራኢ ሓጐስ ገብረሂወት ብ46 ካልኢት ብምዝዛም 1ይ ዕዉት ኮይኑ።



ንመባእታ ተመሃሮ ዝተዋህበ ግዜ 3 ደቒቕ ኮይኑ፡ ሰለስተ ተመሃሮ ድማ ኣብ ዝተዋህበ ግዜ ውድድሮም ዛዚሞም። ድሕሪ ናይ መባእታ፡ ዓሰርተ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ውድድሮም ኣካይዶም። ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ፊላንድ ሙሳኤል ኣስመሮም ብ1:31 ካልኢት 1ይ ብምኳን ተዓዊቱ።

ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ዝተዋህበ ግዜ ክልተ ደቒቕን ፈረቓን ኮይኑ፡ ሰለስተ ተመሃሮ ድማ ኣብ ዝተዋህበ ግዜ ዛዚሞም።

ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ውድድር ስዒቡ። ተመሃራይ ህያብኤል ፍትሓዊ ካብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ብ1:06 ካልኢት 1ይ ዕዉት ኮይኑ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብዘይካ ሓደ ተመሃራይ ዝተወዳደረ ኣይነበረን። ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተዋህበ ግዜ ሓደ ደቒቕን 30 ካልኢትን እዩ።

ኣብቲ ዝተገብረ ውድድር ናይ ክብሪ ዕዱም ምሁር ስነ ቋንቋ እንግሊዝ ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር መምህር ዛይድ ኪዳነ እዩ።

መምህር ዛይድ፡ "ቋንቋ ኣርባዕተ ክእለታት ማለት ምዝራብ፡ ምስማዕ፡ ምጽሓፍን ምንባብን የጠቓልል። ቋንቋ እንግሊዝ ዓለምለኻዊ ቋንቋ ስለ ዝኾነ ምምላኹ ኣገዳሲ እዩ። ቋንቋ ብምልምማድ ስለ ዝዓቢ፡ ንቛንቋ እንግሊዝ ከይተሰከፍኩም ክትዛረቡሉን ክትጽሕፉሉን ይግባእ። .... መጻእቲ ተረክብቲ ሃገር ንስኻትኩም ስለ ዝኾንኩም ኣብ ቋንቋ ዘለኩም ክእለት ከተዕብዩ፡ መጻሕፍቲ ከተንብቡ ኣዘኻኽረኩም፡ " ድሕሪ ምባል፡ ተመሃሮ ብምስታፍ ናይ ዓሰርተ ደቓይቕ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ሂቡ።

ተመሃሪት ሩታ ሓጐስ፡ ንሩቢክስ ኩብ ኣብ መዓንጥኣ ዝሽክርከር ጎማ ብምግባር ኣብ ሓደ ግዜ ክልተ ነገራት ክትሰርሕ ብምኽኣላ ዓቢ ኣድናቖት ረኺባ።

ኣብ መወዳእታ ኩሎም ተወዳደርቲ ሰርቲፊኬት፡ ዕዉታት ድማ ሰርቲፊኬትን መዳልያን ካብ መምህር ዛይድ ኪዳነ ተቐቢሎም።

ካብ ወለዲ ድማ፡ ውድድር ሩቢክስ ኩብ ኣብ ብቕዓት ኣእምሮ ኣበርክቶ ዘሎዎ ውድድር ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለ ክድፍኣሉን ቈላሕታ ክግበረሉን ነዘኻኽር።

ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ስለ'ቲ ዝገብሩዎ ኣበርክቶ ኣዚና ነመስግን!

ስእሊ፡ ኖበል ተኽለብርሃን

## ተወዳደርቲ ተመሃሮ

| ተ.ቁ | ስም ተመሃራይ | ክፍሊ | ቤት ትምህርቲ |
|---|---|---|---|
| 1 | ሩታ ሓጐስ ገብረሂወት | 4 | ኣባርዳእ |
| 2 | ቤትኤል በረኸት | 4 | ዳህላክ |
| 3 | ራኢ ሓጐስ ገብረሂወት | 5 | ኣባርዳእ |
| 4 | ናታን ዘርእማርያም ኪዳነ | 5 | ሓምድ እድሪስ ዓዋተ |
| 5 | ተመስገን ተኽለ ፍስሃጼን | 5 | ላልምባ |
| 6 | ኣብሳሪ ተኽሉ ክፍለ | 5 | ጉዳይፍ |
| 7 | ህያብኤል ጸገዘኣብ | 5 | መቓይሮ |
| 8 | ኣሎኒኣብ ኣቤል በርሀ | 5 | መቓይሮ |
| 9 | ህያብኤል ኣማኑኤል | 5 | ሰውራ |
| 10 | ገሊላ ወልደኣብ | 5 | ማይ ተሰፋ |
| 11 | ኦዚኤል ፍትሓዊ መርሃዊ | 6 | ሓድነት |
| 12 | ኣዳም ሙሴ | 6 | ደምበ ሰምበል |
| 13 | ቤትኤል ኣማኑኤል | 6 | ዋርሳይ |
| 14 | ሄኑስ ሳህለ | 6 | ፊንላንድ |
| 15 | ሶልያና ፍጹም | 6 | ዋርሳይ |
| 16 | እዮስያስ ገብረሂወት | 6 | ሰምበል |
| 17 | ናትናኤል ፍጹምብርሃን ገብረመስቀል | 7 | ሓርበኛታት |
| 18 | ኣቤል ዓንዶም ክብሮም | 7 | ዓወት |
| 19 | ሙሳኤል ኣስመሮም | 7 | ፊንላንድ |
| 20 | ዮርካቤል ኣማኑኤል | 8 | ዋርሳይ |
| 21 | ህያብኤል ፍትሓዊ መርሃዊ | 9 | ቀይሕ ባሕሪ |

## ካብ ጥቕምታት ሩቢክስ

1. ጸገም ናይ ምፍታሕ ክእለት የማዕብል

ሩቢክስ ኩብ ንምፍታሕ፡ ሓደ ተመሃራይ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ስጉምቲ ኣቐዲሙ ክሓስብ ይግደድ። እዚ ድማ ኣብ ትምህርቲ ሕሳብን ስነ-ፍልጠትን ዘድልዮም ስነ-መጐታዊ ኣተሓሳስባ ንምምዕባል ይሕግዝ።

2. ትዕግስትን ጽንዓትን

ኩብ ንምፍታሕ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ግጉያት ስጉምቲታት ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም። ተመሃሮ፡ ተስፋ ብዘይምቑራጽ ክሳዕ መወዳእታ ክጽዕሩ ስለ ዝገብሮም፡ ኣብ ህይወቶም ንዘጋጥሞም ብድሆታት ብትዕግስቲ ክሰግርዎ ይምህሮም።

3. ናይ ዝኽሪ ዓቕሚ ምምዕባል

ሩቢክስ ኩብ ንምፍታሕ ዝተፈላለዩ ቀመራታት ምዝካር የድሊ። እዚ ድማ ነቲ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ብቐሊሉ ከም ዝዓቢ ይገብር።

4. ቅልጣፈ ኣእምሮን ኣዒንትን

እቲ ኩብ ብቕልጡፍ ንምፍታሕ፡ ኣዒንቲ ዝርእያኦን ኣእዳው ዝገብራኦን ብሓደ ካልኢት ተተሓሒዞም ክሰርሑ ኣለዎም። እዚ ድማ ንተመሃሮ ኣብ ናይ ጽሕፈት ቅልጣፈ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ስእልን ዓቢ ደገፍ ይህቦም።

5. ርእሰ ተኣማንነት ምዕባይ

ሓደ ተመሃራይ፡ ነቲ ዝተሓላለኸ ኩብ ፈቲሑ ምስ ወድኦ፡ "ክገብሮ እኽእል እየ፡ " ዝብል ዓቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ምትእምማን የሕድር። እዚ ስምዒት እዚ ድማ ኣብ ካልእ ትምህርትታቶም እውን ንፉዓት ክኾኑ ይድርኾም።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

## ሓይሊ ኣውረስቲ ዶ ሓይሊ ወረስቲ፧

ሚርያም ዮሴፍ

ኣብ ሓደ ኣኼቡ ኣብ መንጎ ሓንቲ ኣደን መንእሰይን ዝተላዕለ እወታዊ ዝርርብ እዩ። ኣቓልቦና ዝሰሓበን መንቀሲ ናይዚ ሎሚ ነልዕሎ ኣርእስቲ'ውን እዩ። እታ ብዮዘምት ኣብ ክሊ ዕድመ 60ታት እትርከብ ኣደ፡ ካብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዛ ካብ ቃልሲን ስራሕን ብርካ ዘይዓጸፈት ኢያ። እታ መንእሰይ'ውን ኣብ ናጻን ወጽኢት ቃልሲ ናይዛን ኣደታትን ዝኾነት ሃገር፡ ብዘተፈጥረላ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዕድል ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘላ ኢያ። እቲ ዝዊሕ ሰዓታት ዝሸደ መዛሪ ዝርርብ፡ እታ ተጋደሊት ኣደ ብዘዘብቶ ርእይቶ እዩ ዝፍልም።

“ኣብ ሜዳ ከለና፡ ንውልቃዊ ህይወቱ ዘቐደም ተጋዳላይ ኣይነበረን። ኩሉ ብሃገር ይሓስብ፡ ንሃገርን ሃገራዊ ረብሓን ድማ ኣብ ሓደ መኣዲ ይሰምር። ናጽነት ከኣ ወጽኢት ናይዚ ረቂቕ ክብርታትና ኢያ። ደቅና ድማ ሃገር ተረኪብኩም ኣብ ሓያል ቃልሲ ኣለኹም። ብሓደራ ዝተረከብኩማ ሃገር ኣብ ምሕላዋ ዝኽእለኩም ትሰርሑ ኣለኹም። ዝተርፍ ግን ኣሎ። ኩሉ እቲ ክውረስ ዝዋዕኦ ክብርታት ብዝዋዕኦ ክትላበስዎ ኣለኩም። ከምቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ዝበረና ሓልዮት፡ ናይ ቃልሲ መንፈስ፡ ተወፋይነት፡ ወዘተ ብምልኣት ክትላበስዎ ብዙሕ ስራሕ ይተርፈኩም እዩ” ዝብል ኣገዳስን ረዚንን መልእኽቲ ኣሕሊፈት።

እታ ኣብ መፋርቕ 20ታት ዘላ መንእሰይ'ውን ብወገና፥

“ማማ ዝበሎዖ ሓቂ እዩ። ወለዱ ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ኣደታትና ከኣ ብፍላይ ዘርኣኽንኦ ጅግንነትን ማስዋእትን፡ ንዓና ዘዖም ንኣሸቱ ወለዶ መግለጺ መንነትና እዩ። ልዑል ክብሪ ንህቦ ጥራይ ዘይኮነ ክንኩብሮ'ውን ኣለና። እንተኾነ፡ እዚ መስርሕ ብምልኣት ንኽይከይድ ዝዕንቅጽ ረቛሒ ግን ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ መንጎ እዚ ክልተ መድረኻት ዘሎ ፍልልይ ምግንዛብ'ውን ኣድላዪ እዩ። ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ እቲ ጸላኢ ንጹር፡ እቲ ናጽነት ናይ ምምጻእ ዕላማ ከኣ ካብኡ ዝጸረ እዩ ነይሩ። ናይ ሎሚ ቃልሲ ግን ዝተሓላለኸ እዩ። ኣብ መስርሕ ህንጻት ሃገር፡ ንመንእሰይ ዝገጥሞ ብደሆታት ኣሎ። ናይ ቴክኖሎጂ ቃልሲ፡ ዓለምለኻዊ ጽልዋታትን ሳዕቤናቱን ከምልጠሉ ዘይንኽእል ጽልዋ ዓውለማ (globalization)፡ ቀጠባዊ ማሕንቖታት፡ ወዘተ ኣብ ዙርያና ኣሎ። ምስዚ ኩሉ ብደሆታት፡ ሳላ እቲ ካብ ሰውራ ዝተወርሰ ክብርታት ገና ከም ሕብረተሰብ ክንሰርር በቒዕና ኢና። እዚ ሓይሊ ንወለዶታት ክሰጋገር፡ እዚ ክብርታት ድማ ብዝዋዕኦ ክንወርሶ፡ ምስ ናትና ሓደሽ ብደሆታት ብዝዋዕኦ ክናበብ ኣለዎ” ዝብል ርእይቶ ኣቕሪባ። ግደ ሓቂ፡ ንመረዳእታና ዝያዳ ዘስፍሖን ዝደርዖን ተወሰኽቲ ዝርዝራት ካብ ምቕራብ ሓሊፍና፡ እዚ ክልተ ሓቅታት ዝጸረር ሓሳብት ክህልወና ኣይክእልን እዩ ነይሩ።

ነፍሲ ወከፍ ወለዶ፡ ናቱ ፍሉይ መንነት፡ ብደሆታትን ዕድላትን ኣለዎ። ኣብ መድረኹ ከኣ ንዕድላቱን ብደሆታቱን ዝምጥን ዕማም ዓሚሙ ይሓልፍ። ካብ ከምዚ ናትና ብታሪኹን ተመኩሮኡን ዘዋህለለ፡ ዕድለኛ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝተፈጠርና ምስ እትኸውን ድማ፡ መድረኻት ኮነ ብደሆታት እናጸንበሩ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን'ውን ከይተረፈ፡ ንወለዶታት ኣኺሉ ዝተርፍ ረቂቕ ክብርታት ትሰንቕ።

ምስትግጋር ሃገራዊ ክብርታት ቀሊል ዕማም ኣይኮነን። ዝተሓላለኸ ካብ ዝኾነሉ ሓደ፡ ክብርታት፡ ረቛሒቲ ሓይሊ ከም ምሳናም መጠን ከም ሓደ ክውረስ ዝኽእል ገዛ ወይ መሬት ብቐሊሉ ናብ ኢድ ዝኣትዉ ነገራት ኣይኮኑን። ኣብ ልቢ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝሰርጹ ረቂቕ ጸጋ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስትግጋር ድማ ተራ ናይ ኩሉ ኣካል የድሊ።

ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ሓደ ሰብ ካብ ወለዱ ዘተርፎ ርስቲ ንምውራስ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ወይ ኣዋርሕ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ክመላለስ፡ ጠበቓታት ክቖጽር፡ ምስ ወለዱን ኣሕዋቱን ክታረኽ ምርኣይ፡ ዘይልሙድ ተርእዮ ኣይኮነን። ደቂ ሰብ ንዘገራዊ ረብሓታትና ብሕጋዊ መንገዲ ንምርግጋጽ ዘይንኸፍሎ ዋጋ የለን። ከምቲ ኣዚ ነገራዊ ጸጋታት ንምውራስ ህርድግ እንብሎ፡ እዞም ዘይልናዮም ረቛሒቲ ጸጋታት ንምውራስ፡ “እዚ ይግብኣኒ እዩ” ዝብል ሕጋዊ ባይታ እንተ ዘህሉ፡ ከመይ ኮን ምኾነ ኢለ እሓስብ እየ።



እቲ ንዋታዊ ነገራት ንምውራስ ዝዋበር ውልቃዊ ቅልጡ፡ ረቛሒቲ ክብርታት ንምውራስ ዝዋበር ቅልጡ እንተ ዝኸውን ሲ ዓቢ ሞራላዊ ጸጋ ምኽዕበት ምተኻእለዶ፧

ኣደይ ዝሓለፈቶ ናይ ጽንዓት፡ ትብዓትን ርእሰ ተኣማንነትን መንፈስ ‘ንዓይ ይግባኣኒ እዩ፡ ‘እጃመይ ሃቡኒ’ ኢልካ ምምጓት ምተኻእለ ዶ፧ መቸም ጽሉል ሓሳብ ክመስል ይኽእል እዩ፣ ግን ሓሳብ እዩ።

እቲ ዝዓበየ ፍልልይ፡ ንዋታዊ ነገራት፡ ብሕጊ ተደጊፎም እዮም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፉ። ረቛሒቲ ክብርታት ግን ዝዕደሉ ጸጋታት ዘይኮኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ሕብረተሰቦት ብወዒን ጻዕርን ጥራይ ዝህሰሱ ምኻኖም እዩ። ኤርትራውያን ኣደታትና ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዘጥረያኦ ናይ ቃልስን ማስዋእትን መንፈስ፡ ክንወርሶን ክንላበሶን፡ ንገዚአ ርእስና ዝቕስብ ውሽጣዊ ድርኺት እዩ ዘድልየና። ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኤርትራውያን ኣደታትና ከኣ ብፍላይ ከም ሓደ ክቡር ቅርሲ ብምውሳድ፡ ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽን ብደሆታቱን'ውን ብዘሰርሓና መንገዲ ናብ ህያው ግብሪ ክንቕይሮ የኽእለና።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ፡ ማስተንክር ዝኾነ ጅግንነት ብምፍጻምን ንግዝዕርነት ብዮዚበሪ ብምስራሕን ታሪኽ ዝሰርሓ ምዃነን ነጋሪ ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ኣገዳሲ ጉዳይ ግን እዚ ክብርታት እዚ ናብ ሓዳስቲ ወለዶ ዝሰጋገረሉ ድልዱል መሳልል ክህሉ ኣለዎ። ከምቲ ዝተገልጸ፡ መድረኻት ዘለዎም ብደሆታትን ዕድላትን ዝተፈልየ ዓይነት ሰብ እዮም ዝፈጥሩ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝተሃንጸ ክብርታት፡ ኑቲ ናይ ሽዑ እዋን ብደሆታት ኣብ ምምካት ዓቢ ተራ ነይሩዎም እዩ። ፍሉይነት ናይ'ዞም ክብርታት እዚኣቶም ድማ ግዜ ዘይሓልፎም፡ ኣብ ብደሆታት ናይ መስርሕ ህንጸት'ውን ዳግማይ ክኽልዑ ዝኽእሉ ምዃኖም እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ በረኻታት ኪጋደላ ከለዋ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝበረ ድሕር ኣተሓሳስባታት ሰዩረን እየን ተላዒለን። ፍጹም ርእሰ ተኣማንነትን ትብዓትን ናይ'ተን ሽዑ ዝበራ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ከም ዝዓበየ ሃገራዊ ወርሻ ክውሰድ ዝኽእል እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ብርእሰ ተኣማንነት፡ ኣብ ኩሉ ዕማማት ናይቲ ውድብ ዝበረን ተራ፡ ዝዀነ ሕጂ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ ዘሕልፎ ትምህርቲ፡ ግሁድ እዩ። ኣብ ኩሉ ዝተዋፈርናሉ ሞያታት “ይኽእሎ እየ” ዝብል ሓያል መንፈስ ምውናንና፡ ብዮዚበሪ ምምኳትን



ከም ዘድልየና እዩ ዝምህር።

ካልእ ክውረስ ዘለዎ ኣገዳሲ ባህሊ፡ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባልን ሓብራዊ ረብሓ ምቕዳምን እዩ። ካብ ውልቃዊ ምቕትን ረብሓን ንላዕሊ፡ ንሃገርን ሓፋሽን ምቕዳም፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን እቲ ቀንዲ መቃለሲ ሓይሊ እዩ። ሽግርና ብዘናጽል ክንፈትሓሉ ሠተምተም ኣብ እንበለሉ እዋን ኣደዳ ተወሳኺ ጸገም ከይንኸውን ናይ ሓባር ሽግራትና ብሓባር ፍታሕ ናይ ምምጻእ መንፈስ ክህልወና ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ መንፈስ፡ ብስራሕ ዝህሉ ብቕዓት'ውን ካልእ ዝዓበየ ክውረስ ዘለዎ ባህሊ እዩ።


እዚ ክብርታት እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገር ግን፡ ኣብ መንጎ ወለዶታት ሃናጺ ናይ ምውርራስን ምብህዛልን መድረኽ ክፍጠር ኣለዎ። እቲ ዝዓበየን ዝቐለለን ኣገባቢ፡ ታሪኽ ምዝንታውን ብዮበኡ ምትሕልላፍን እዩ። እቲ ኣብ ሰውራ ዝበረ ናይ ሓባር ኣተሓሳስባታትን ቅያታትን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ናብ ሓደሽ ወለዶ ኩሓልፍ፡ ብዙሕ ክሰርሓሉ ካብ ዘለዎ እዩ።

ብዘወሳኺ፡ ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ተዋፊርና ንሰርሕ ዘለና መንእሰያት ቀሊል ቁጽሪ ዘለና ኣይኮንናን። ኣርኣያ ብምዃን ኑቲ ክውረስ ዘለዎ ክብርታት ብዮዚበሪ እናመዛራ ኣቡኡት ዝኾናና ኣደታት'ውን ውሑዳት ኣይኮናን። እዚ እወታዊ ምትእስሳር ዝያዳ ንኽሕይል ግን፡ ከም መሳርሒቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ሰድራቤት፡ ከም ኣዕሩኽን መሓዙን ብምዃን ናይ ህይወት ተመኩሮ እንካፈለሉ መድረኽ ምፍጣር የድሊ። ቅርበት ዘለዎ ምትእስሳር፡ ኑቲ ታሪኽ ናይ ምትሕልላፍን ምውርራስን መንፈስ ዝያዳ ዘዕብዮ ስለ ዝኾነ።

እዚ ዕማማት እዚ ንሓደ ወገን ጥራይ ዝግደፍ ሓላፍነት ዘይኮነ፡ ሓይሊ ናይ ክልቲኡ ወለዶታት ዝሓትት መስርሕ እዩ። እቲ ብሉጽ ተመኩሮ ዘለዎ ናይ ቃልሲ ወለዶ፡ ንመንእሰያት ወለዶ ዝያዳ ከቕርቡ፡ እወታዊ ናይ ምብህዛል መድረኽ ክፈጥሩን ከማእዝኑን ዘለዓለ ትጽቢት ይግበረሎም። ምናልባት መንእሰያት ዘለና ኩነተ ኣእምሮ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብዝተፈላለየ ብደሆታት ዝተጸልወ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ሓቂ'ውን ንሱ እዩ። ስለዚ፡ እዚ ብደሆታት እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝያዳ ምንባብ የድሊ።

ንሕና ከም ሓዳስቲ ወለዶ'ውን ብወገንና ዝጥሉብ ነገር ኣሎ። ታሪኽ ምፍላጥ ማለት፡ ንድሕሪት ጥራይ ምጥማት ማለት ዘይኮነ፡ ንቕድሚት ንምስጓም'ውን ዝሕግዝ ዝዓበየ ሞተር ምዃኑ ክንርዳእ የድሊ። ልክዕ ከምቲ ሓደ ተቐዳዳማይ ጉያ፡ ዝያዳ ሓይሊ ንምድላብ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ብናህሪ ዝበሎ፡ ንድሕሪት ተመሊስካ ታሪኽ ምፍታሽን ምውራስን'ውን ኑቲ እትኸዶ ጉዕዞ ዝያዳ ናህሪ ዝፈጥር እዩ። ብትሕትና ምግዓዝ፡ ታሪኽ ጀጋኑና ምፍታሽ፡ ምጽማም፡ ብዓቕሊ ምስማዕ፡ ሓተትትን ክንመሃር በሃልቲን ምዃን ወዘተ፡ ገለ ካብቲ ካብና ዝሕተት ባህርያት እዩ።

ናጽነት ኤርትራ ፍረ ናይ'ቶም ኣደታትናን ኣያታትን ዝኸፈልዎ ዕድላት፡ ማስዋእቲን ጅግንነትን እዩ። ንደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብዚ መቓን ብምእታው'ውን እቲ ንሰን ዝፈጠርኦ ገና ዘይተዳህሰሰ ሃገራዊ ክብርታት፡ ንመጻኢ ናይዛ ሃገር ዘቕልስ ዓቢ ሓይሊ እዩ። ዓመት መጸ በዓል ናጽነትና ኣብ እንበዕለሉ እዋን እቲ ዝዓበየ ዕማምና፡ እዚ ወርቃዊ ወርሻታት ካብ ኣደታትና ናብ ወለድና ብምስግጋር፡ ድልዱል ወለዶታት ምፍጣር እዩ። እቲ ትማሊ ናጽነት ንምምጻእ ዘቃለሰ መንፈስ፡ ሎሚ'ውን ንህንጸትን ሰላማዊት ሃገር ክሰጋገር ኣለዎ። ታሪኽና ብምትሕልላፍን ብዮዚበሪ ብምልባስን ጥራይ ኢና ድማ ኑቲ ዝተኸፍለ ማስዋእቲ ንኽሕሶን ንድኅበሮን።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## እዚ ማእከል - ስፖርታዊ ቅነ ይቕጽል

ናብ ምፍጻም ገጹ ዝኸይድ ዘሎ ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል፡ ናይ ጨመተ ተኸሲን ቸስን ውድድራቱ ዛዚሙ።

ኣብ ግጥም ቸስ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሊያ ርእሶም ካብ ጋንታ መረብ፡ ኤደን ተስፋገርግስ ካብ ሮዝመ፡ ማክዳ ኤፍረም ካብ - ደምሒና፣ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣስመሮም ፍስሃየ ካብ መረብ፡ ሳሙኤል ተስፋሚካኤል - ኣዳል፡ ሰላም ጸጉ - ደምሒና ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ኣብ ጨመተ ተኸሲ 100 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኪምባ ዳኒኤል ካብ ሮዝመ፡ ህድኣት ኣብረሃለይ - ኣዳል፡ ቅሳነት ብርሃነ ካብ ሂላል፡ ሻም ተወልደ ካብ ዛራ ተዓዊቶም።

ኣብ 200 ሜትሮ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሰናይት ገብረህይወት ካብ ደንደን፡ ኣድያም መርሃዊ ካብ ዑበል፡ ዮርዳኖስ በኺት ካብ ጽንዓት፣ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ሰመረ ሃይለ ካብ ደምሒና፡ ሲዶስ ሙሳ ካብ ጎብየ፡ ናሆም ዮርዳኖስ ካብ እምባሶይራ ሰዒሮም።

ኣብ 300 ሜትሮ፡ ሰሊና ማትዮስ ካብ ደንደን፡ ሳሌም ዮናስ ካብ ደምሒና፡ ሚለን ተወልደብርሃን ካብ ብሪጎን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ሳሙኤል ግርማይ ካብ መርሃዊ፡ የውሃንስ ሓጎስ ካብ ኪሎማ፡ ተወልደ



ገብረዋህድ ካብ ብሪጎን፣ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ናሆም ዮሴፍ ካብ ኦማል፡ ዮናታን ኢያሱ ካብ ናቕፋ፡ ዕዉታት መበል 14 ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ኮይኖም።

## ማራቶን ኣስመራ፡ ሰንበት 7 ሰነ ክካየድ እዩ

ዓመታዊ ዝሰላሰል ‘ማራቶን ኣስመራ’፡ ሰንበት 7 ሰነ 2026 ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘካየዶ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።



ስእሊ - ሄኖክ ተኽለገርጊሽ

እዚ ውድድር ንሻውዓይ ግዜኡ ከምዝካየድ ዝሓበረ ሓላፊ ምክትታል ሃገራውያን ፌደረሽናትን ኮሚታት ኦሎምፒክን ፓራኦሎምፒክን ኮሎኔል ሰለሙን ስዩም፡ ኣርባዕተ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ - ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ታንዛንያን ደቡብ ሱዳንን ክሳተፉ ምዃነን ሓቢሩ። ምስ ኤርትራውያን ኣትለታት ብምድማር ከኣ፡ ኣስታት 60 ኣትለታት ክወዳደሩ ትጽቢት ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ሰንኩላን ውድድር (ዌልቸር) ከምኡ'ውን ከም ልሙድ፡ ሓፋሽ ዝሳተፎ ሓባራዊ ጉያ ተሰሪዑ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ናይቲ ፌደረሽን ኣቶ ኤፍሬም ተኸስተ ድማ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ካብ 10 ኪሎሜተር ናብ 21 ኪሎሜተር ክብ ከምዝበለ፣ እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብዚ ርሕቀት ዝወዳደራ ብርክት ዝበላ ኣትለታት ብምህላወን ምዃኑ ሓቢሩ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ከም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ማራቶን ክዓቢ ተስፋ ከምዘለዎም ኣፍሊጡ።

ኣብ ሽልማት፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተፈልየ ከምዘየለ ዝሓበረ ኣቶ ኤፍሬም፡ ምስቲ ዝሓለፈ ወርሒ መወዳደሪ ቦታ ብዓለምለኻዊ ፌደረሽን ብልክዕ ምዕቃኑ፡ ሎሚ ዓመት ዝህረም ግዜ ከም መበገሲ (ብሓዲሽ) ክምዝገብ ምዃኑ ኣረዲኡ። ኣቀላጠፍቲ ኣትለታት ኣብ ክልተኡ ውድድር'ውን ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ክሳብ 28 ኪሎሜተር ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ 14 ምስኦም ክጕዓዙ ምዃኖም ገሊጹ። ቅድሚ ተወዳደርቲ ብምዃን ክመርሑ ዘለዎም እቶም ኣቀላጠፍቲ፡ ብዝተመደበ ግዜ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ንሓደ ኪሎሜተር ብ3 ደቓይቕን 10 ካልኢትን ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብ3 ደቓይቕን 33 ካልኢትን እናሃረሙ ምስ ዝዛዘሙ፡ ገንዘባዊ ሽልማት ኣለዎም - ብመሰረት መግለጺ ናይቲ ፌደረሽን።

ብዘይካ'ዚ፡ ንዕዉታት መርመራ ጸረ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ከምዝግበረሎም'ውን - ኣብቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ተሓቢሩ።

## ግጥም ኣርሰናል ምስ ፒኤስጂ፡ ዝሓየለ መስመር ምክልኻል ኣንጻር ዝበለጸ መስመር መጥቃዕቲ

ሎሚ ቀዳም ኣብ ሃንጋሪ ከተማ ቡዳፐስት ዝርከብ ስታድዩም ፑሽካሽ፡ ነቲ ዝዓበየ ኤውሮጳዊ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ከአንግድ እዩ - ኣብ መንጎ ኣርሰናልን ፒኤስጂን ዝካየድ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ።

ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ሓንቲ ስጉምቲ ተሪፉታ ዘላ ፒኤስጂ፡ ኣብዚ ምዕቡል ግዜ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ድሕሪ እስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ ኣከታቲላ ዝተዓወተት ክለብ ክትከውን እያ - ምስ እትዕወት።

ብኣንጻሩ ኣርሰናል፡ ኣብ ናይ 140 ዓመታት ታሪኻ፡ ነዚ ጽዋእ ንፈለማ ግዜ ንምልዓል እያ ዓሊማ ዘላ።

እዚ ግጥም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ሓያል መስመር ዘለወን ክለባት ዝራኸባሉ እዩ፣ ናይ 22 ዓመታት ጽምኢ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ኣጥሊላ ተፈሲሃ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣብ መስመር ምክልኻል፣ እታ ንሓሙሻይ ተኸታታሊ ግዜኣ ንናይ ሃገራ ሊግ ዝተዓወተትሉ ፒኤስጂ ከኣ፡ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ።

ብሚከል ኣርቴታ እትምራሕ ኣርሰናል፡ ናብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክትበጽሕ ካብ ዘካየደቶም 14 ግጥማት፡ ኣብ ትሽዓተ ሸቶ ከይተመዝገባ እያ ወጺኣ። ኣብተን ሸቶ ዝተመዝገበአ ሓሙሽተ ግጥማት ከኣ፡ ሽዱሽተ ጥራይ ተቖጺሩዋ። ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ቀዳመይቲ ወጺኣ ናብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ክትሰግር ኣብኡ'ውን ክትዕወት፡ ብጋብሪኤል ማጋሃላስን ዊሊያም ሳሊባን ዝቖለስ መስመር ምክልኻል መሪሕ ተራ ተጻዊቱ።

ብመንጽሩ፡ ንናይ'ዚ እዋን ካብ ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ዓለም - ደምበለ፡ ኬቫርስኬሊያ፡ ድወን ባርኮላን ዘጣመረ መስመር መጥቃዕቲ ፒኤስጂ፡ ኣብዚ ውድድር 44 ሸቶታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ምስቲ ባርሴሎና ኣብ 1999-2000 ዘመዝገበቶ 45 ሸቶታት ‘ክብረ ወሰን ኣብ ሓደ ወቕቲ ናይዚ ውድድር’ ክትመዓራረ ሓንቲ ሸቶ ትተርፋ። ኣብዛ ጸወታ ልዳት ኣርሰናል ክትደፍር ምሉእ ዓቕሚ ከምዘለዋ'ውን ብዙሓት ተንተንቲ ይገልጹ።

እዚ መስመር እዚ፡ ንዝኾነ መስመር ምክልኻል ኣንጻር ጋንታ ወላ'ውን ነቲ ዝበለጸ ዝበሃል ብምርባሽ ዝነበሮ ውህደት በሪዙ ሸቶታት ከመዝግበሉ ከምዘይጽገም ኣርእዩ እዩ - ብዓቢኡ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ኣንጻር ባየር ሙኒክ ናይ ቀረባ ኣብነት እዩ። ሎሚ ምሸት ከኣ፡ ሳሊባን ጋብሪኤልን ንመጥቃዕቲ ናይዞም ተጻወትቲ ኣብ ምክልኻል - ሓላዊ ልዳት ዳቪድ ራያ ካብዞም ተጻወትቲ ንዝሓለፉ ኵዓሳሱ ኣብ ምምካን ከመይ ክዋጽእዎ እዮም ምዕዛብ ብኣጋኡ መሳጢ ኮይኑ ኣሎ። ‘ጽኑዕ መስመር ምክልኻል ኣርሰናል፡ ከም መላጸ ንዝብልሑ መስመር መጥቃዕቲ ፒኤስጂ ደው የብሎ ዶ፧’ ዝብል ሕቶ ድማ ኣለዓዒሉ ኣሎ።

ምናልባት ቀልሰ ናይዞም መስመራት ብቐረባ ዝሰኣለካ እኳ እንተኾነ፡ እዘን ጋንታታት ካልእ ተወሳኺ ሓይሊ'ውን ኣለወን - መስመር ምክፍፋልን።

ንቪቲንያ፡ ነቨስን ሩዩዝን ዝሓዘ መስመር ምክፍፋል ፒኤስጂ፡ ሃንዳሲ ኩሉ ዓወታት ምዃኑ ይእመነሉ፣ ብደክላን ራይስ ዝቖለስን ንዙቢመንዲን ኦዴጋርድን ዘጣመረን ናይ ኣርሰናል መስመር ምክፍፋል'ውን፡ እዛ ጋንታ ኣብዚ ዓመት ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ከተልዕልን ናብ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕን ዝተጻወቶ ተራ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ከኣ፡ ንሕምብርቲ ሜዳ ዝተቖጻጸረት ጋንታ፡ ልዑል ናይ ዓወት ሚእታዊት ክህልዋ ስለዝኽእል፡ ኣብ መንጎኦም ሓያል ቀልሰ ክርኣይ ይግመት።

ብሓፈሻ፡ ንኹሉ መስመራት ናይዚ ግጥም ብምጥቃስ ክትንተን'ኳ ዝከኣል እንተኾነ፡ ብሕጽር ዝበለ ግና፡ እዞም መስመራት ተጠመትቲ እዮም - እንተላይ ሸቶታት ከይምዝገቦም ልዑል ተራ ክጻወቱ ዝግመቱ ሓለውቲ ልዳት ክልተአን ክለባት።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ፈረንሳዊ ፓትሪክ ኤቭራ፡ ኣብቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣርሰናል ተወዳዳሪ ኵዕሶ እግሪ እንተዘይተኸቲላ፡ ፒኤስጂ ከምቲ ዝሓለፈ ዓመት ንኢንተር ሚላን ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ 5ብ0 ዝሰዓረታ፡ ነዛ እንግሊዛዊት ክለብ'ውን ከምዘይተናሕስየላ ገሊጹ።

እቲ ውጽኢት ከኣ፡ ብስም'ቲ ህቡብ ሃንጋሪያዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ፍረንች ፑሽካሽ ዝጽዋዕ ስታድዩም ፑሽካሽ ክምልሶ እዩ።

ቅድመ ትዕዝብቲ እትህብ ስፖርትሞለ ከኣ፡ ፒኤስጂ 2ብ1 ክትዕወት ኢላ ኣላ፣ ንስኹም ከ፧

## ሊግ ዞባ ማእከል - ኣዱሊስን ዘራእትን ጥሪትን ተዓዊተን

ካልኣይ ዙርያ ሊግ ዞባ ማእከል ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን፡ ሓሙስ 28 ግንቦት ብክልተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ።

እዚ እዋን፡ ገለ ጋንታታት ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ንከይወርዳ፡ ኣብ ማእከል ተርታ ዘለዋ ደረጃአን ከዕብያ፡ ኣብ ቅድሚት ዘለዋ ከኣ፡ ተዓወትቲ ሊግ ንምዃን ሓያል ውድድር የካይዳ ኣለዋ።



ሃብቶም ክብረኣብ

ኣብቲ ናይ 10ይ ሰሙን ውድድር፡ ራብዓይ ታርታ ዝቖነየት ኣስመራ ቢራ ምስ ሻሙናይ ታርታ ዘላ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ገጢመን። ዘራእቲን ጥሪትን፡ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ካብ ሃብቶም ክብረኣብ ብዝረኸበታ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣስመራ ቢራ ድማ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ብመገዲ ፋኒኤል ኣሰፋሃ እተመዓራርያ ብልጽቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። ንዝባኸነ ግዜ ዝትክእ ደቓይቕ ተዋሂቡ ጸወታ 1ብ1 ተዛዚሙ እናተባህለ ግና፡ ሃብቶም ክብረኣብ ንዕኡን ንጋንታኡን ካልኣይቲ ሸቶ ኣቑጺሩ፡ ዘራእቲን ጥሪትን 2ብ1 ተዓዊታ። ሃብቶም ከኣ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ኲባንያ ዕንጸይቲን ሓጺንን ሰምበል ምስ ኣዱሊስ ገጢማ። ኣብ መበል 14 ደቒቕ ከኣ፡ ኣዱሊስ ካብ ቶማስ ሰመረ ሸቶ ረኺባ ብኣጋኡ 1ብ0 መሪሓ። ኲባንያ ሰምበል ተመዓራርያ ሸቶ ክትረክብ ፈቲና ኣይሰለጣን፣ በዚ ድማ፡ ኣዱሊስ ብጸቢብ ተዓዊታ። ኣዱሊስ ነጥባ ናብ 19 ነጥቢ ክብ ኣቢላ ሳልሳይ ደረጃኣ ዓቂባ ኣላ። ቶማስ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

## “ሓዲሽ ኣሰልጣኒ እየ ከምጽእ” ሪከልመ

ሓዲሽ ፕረዚደንት ሪያል ማድሪድ ኮይኑ ንምምራጽ ዝሰርሕ ዘሎ ኢንሪከ ሪከልመ፡ ኣብቲ ምርጫ ምስ ዝዕወት፡ ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ክኸውን ኣብ መስርሕ ዝርከብ ምስግጋር ሆዝየ ሞሪኖ ክቋረጽ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ንሱ፡ “ሪያል ማድሪድ፡ ብሓጺር መደባት እናሰርሐት ኣይትቕጽልን እያ። ትኽክለኛ ለውጢ ዘድልዮ እዋን ሕጂ እዩ። ኣብ ዓለም ካብቶም ኣዝዮም ብሉጻት ዝበሃል ኣሰልጣኒ ኢና ንደሊ ዘለና፣ ንሪያል ማድሪድ ዘድልያ፡ ልዑል ተመኩሮን መሪሕነትን ዘለዎ ዓላሚ እዩ። ኣነ ከኣ፡ ድሮ ምስቲ ኣብዚ እዋን ንካልእ ጋንታ ዝዕልም ዘሎ ኣሰልጣኒ ተሰማሚዐ ኣለኹ።” ክብል ፕረዚደንት ናይዛ ክለብ እንተኾይኑ፡ ሞሪኖ ኣሰልጣኒኣ ከምዘይከውን'ውን ብግልጺ ኣፍሊጡ።

ንህሉው ፕረዚደንት ፍሎረንቲኖ ፐረዝን ቦታኡ ንምሓዝ ይቃለስ ንዘሎ ሪከልመን ፊት ንፊት ኣፋጢጡ ዘሎ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሪያል ማድሪድ፡ ዝመጽእ 7 ሰነ ድምጺ ናይ ምሃብ መስርሕ ክጅምር እዩ። ዝተዓወተ ከኣ፡ ንዝስዕብ ኣርባዕተ ዓመታት ማለት ክሳብ 2030 ክመርሓ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሪከልመ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ዝውክል ተጻዋታይ ኣብ ሪያል ማድሪድ ከፈርም ምዃኑ'ውን ተመባጺዑ። ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ክውክሉ ካብ ዝተመርጹ 26 ተጻወትቲ ሓደ'ኳ ካብ ሪያል ማድሪድ ዘይምምራጹ ከምዘሕረቖ ድማ ገሊጹ - እዚ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ ዝካይድ ዘሎ ሰጳኛዊ።

ብመንጽሩ፡ ናይ ምረጹኒ ጎስጓስ ጀሚሩ ዘሎ ፍሎረንቲኖ ፐረዝ፡ “ዝሓለፈ 10 ዓመታት ሽዱሽተ ግዜ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣልዒልና። ሕጂ ደጊምና እንተተመሪጽና ከኣ፡ ነዚ ናይ ዓወት መገዲ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክንቕጽሎ ኢና።” ክብል ተመባጺዑ።

## መደብ ጸወታ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ኣናዊሖን



ኣመሪካን ኢራንን ኣብ መንጎአን ንዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብ60 መዓልታት ንምንዋሕን ከምኡ'ውን ኑቲ ኩናት ምሉእ ብምሉእ ደው ንምባል ዝርርብ ክጅምራን ኣብ ዘኽእለን መጀመርታዊ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ፡ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ሰብ ስልጣን ሓቢሮም።

እቶም ሰብ ስልጣን ወሲኾም፡ እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ተግባራዊ ክኸውን እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ፍቓድ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ከም ዘድልዮ ኣጺሮም።

እቲ መጀመርታዊ ስምምዕ ኢራን መጽበቢ ሆርሙዝ ንምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ክፉት ክትገብሮን ኣብ'ቲ ማያዊ መስመር ዘጻወደቶ ኑተጉቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትኣልዮን፡ ኣመሪካ ድማ ኣብ ልዕሊ ካብን ናብን ወደባት ኢራን ዝዐደድ ምንቅስቓስ ናይ መራኽብ ኣጽኒዓቶ ዘጸንሐት እገዳ ክተልዕል ዝጠልብ እዩ።

ኢራን፡ መጽበቢ ሆርሙዝ ልኡላዊ ዋንኡ ምዃኑ፡ ንትራፊክ ባሕሪ ድማ ምስ ዖማን ብምትሕግጋዝ ክትቆጻጸር ከም እትደሊ እያ እትገልጽ።

ኣመሪካ ግን ኢራን ኑቲ ኣህጉራዊ ባሕሪ ክትቆጻጸር ይኹን በቲ መስመር ንዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ ክኣ ዝኾነ ቀረጽ ክተኽፍለን ከም ዘይብላ እያ ብተደጋጋሚ እትሕብር።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ምንም ኑቲ ኩናት ኢራን ካብ ዝጀመር ንደሓር ተዓጽዩ ዝርከብ መጽበቢ ሆርሙዝ ክትቆጻጸር እንተ ፈቲና፡ ኣብ ልዕሊኣ'ውን መጥቃዕቲ ክኽይድ ከም ዘኽእል ምጥንቃቑ ዝዝከር እዩ።

## ህንድን ሩስያን፡ ቴክኖሎጂ 'ብርቂ ማዕድናት' ንምምዕባል ይሰማምዓ

ህንድን ፌደረሽን ሩስያን፡ ኣብ ኢንዳስትሪታት መፍረ ኤሌክትሮኒካዊ ተሸከርከርትን ተሓዳሲ ጸዓትን ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ማዕድናት፡ ካብ ብርቂ ማዕድናት ንምስራሕ ዘኽእለን ቴክኖሎጂ ንምምዕባል፡ ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

ካብ ብርቂ ማዕድናት ዝስራሕ ማግኔት፡ ኣብ ምስራሕ ናይ ንፋስ ተርባይን፡ ናይ ኤሌክትሪክ ሞተረታት፡ ዝተራቐቑ መሳርሒታት ሕክምናን ካልእ



ኤሌክትሮኒካዊ ቴክኖሎጂን ዘገልግል መሳርሒት ሓምላይ ቁጠባ ምዃኑ ይግለጽ።

ኣብ መንጎ ዋሽንግተንን ቤጂንግን ወጥሪ ንግዲ እናዓበየ ብዝኸደ ኩሉ፡ ኣህጉራዊ ኣገዳስነት ብርቂ ማዕድናት እናዓበየ ከም ዝመጽኤ ክኢላታት ይሕብሩ።

እታ ኣብ ዓለም ዝዓበየት ኣፍራዪት ብርቂ ማዕድናት ዝኾነት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ብሰንኪ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያታ ዝወሰደቶ ልዑል መጠን ቀረጽ፡ እቲ እትገብሮ ዝነበረት ሰደድ ብርቂ ማዕድናት ክትንክዮ ከም እተገደደት፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ምፍራይ ኤሌክትሮኒካዊ ተሸከርከርትን ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቑሑትን ዝፈጥሩ ዓበይቲ ኢንዳስትሪታት ዓለምና ቅልውላው ከም ዘስዓበለን እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ህንዲ፡ ብዝለዋ ዕቑር ሃብቲ ብርቂ ማዕድናት፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ትስራዕ እኳ እንተ ኾነት፡ ክሳብ ሕጂ ግን ኣዝዩ ውሑድ ዓቕን ከም ዝዓደነት እያ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ፌደረሽን ሩስያ ድማ፡ ብጠቕላላ 658 ሚልዮን ቶን ዝግመት ብርቂ ማዕድናት ከም ትውንን፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ናይታ ሃገር ይሕብሩ።

## እስራኤል፡ ሰራዊታ ን70 ሚእታዊት ወሽመጥ ቓዛ ክቆጻጸር ኣዚዛ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘለዎ ወተሃደራዊ ቁጽጽር ናብ 70 ሚእታዊት ክስፍሖ ትእዛዝ ከም ዝሃበ ሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ወሲኹ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሰራዊቱ ን60 ሚእታዊት ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ተቖጻጺሩ ከም ዘሎ ኣፈሊጡ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ብቤንያሚን ናታንያሁ ዝተዋህበ ሓድሽ ትእዛዝ፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ብሸምገልና ኣመሪካ ኣብ



መንጎ እስራኤልን ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዝጥሕስ ከም ዝኾነ፡ ምስቲ ጉዳይ ቀረባ ዘለዎም ወገናት ገሊጾም።

ብመሰረት እቲ ኣብ ጥቅምቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተግባራዊ ዝኾነ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ሰራዊት እስራኤል ን53 ሚእታዊት ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ጥራይ'ዩ ክቆጻጸር ዝግባእ ነይሩ።

እስራኤል፡ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ክትወጽእ መደብ ከም ዘይብላ ኣቐዲማ ምሕባራ ዝዝከር'ዩ።

እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ተግባራዊ ካብ ዝኸውን ንደሓር፡ ብእስራኤል ልዕሊ 2,400 ግዜ ጥሕሰታት ክፍጸም እንከሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ከባቢ 738 በርጌስ ፍልስጤማውያን ከም ዝተቐትሉ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይቲ ወሽመጥ የመልክት።

## ኮሎምብያ - ኣብ መንጎ ዕጡቓት ብዝተፈጥረ ግጭት 52 ሰባት ተቐቲሎም



ኣብ ኮሎምብያ፡ ስትራተጂያዊ ንዝኾነ ናይ ኣወላፊ ሓሽሽ 'ኮኬይን' መፍረይን ማዘዋወርን ዞባ ንምቁጽጻር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ዕጡቓት ጉጅለታት ብዝተኻየደ ግጭት፡ ብውሑዱ 52 ዕጡቓት ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቲ ግጭት፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ካብ ዝተኻየዱ ተመሳሰልቲ ጎንጽታት ዝለዓለ ሰብኣዊ ጉድኣት ከም ዘውረደ'ውን ተገሊጹ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኮሎምብያ ፔድሮ ሳንቼዝ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ሰላማውያን ሰባት ድሕንነቶም ንምውሓስ፡ ናብቲ ከባቢ ደሮ ወተሃደራት ተዋፊሮም ከም ዘለዉ ኣፈሊጡ።

እቲ ግጭት፡ ኣብ መንጎ ካብ ሰውራዊ ዕጡቕ ሓይሊ ኮሎምብያ ዝተፈንጨለ ዕጡቕ ጉጅለን 'ካርካ ኮርዶባ'ን ዝተባህለ ካልእ ዕጡቕ ጉጅለን እዩ ተወሊዑ።

ኣብ ኮሎምብያ ብሰንኪ ንልዕሊ 60 ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ኣብ መንጎ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ 80 ሚእታዊት ሰላማውያን ሰባት ዝርከብዎም ልዕሊ 450 ሽሕ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ሚልዮናት ሰባት ከኣ ካብ መረበቶም ከም ዝተመዛበሉ፡ ጸብጻባት ናይታ ሃገር የመልክቱ።

እቶም ግጭታት፡ ካብ መሸጣ ዕጸ ፋርስን ዘይሕጋዊ ዕደናን ብዝርከብ ኣታዊታት ከም ዝምወሉ ድማ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

## ሩስያ፡ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ኣመሪካ ናብ ዶባታ ከይዋፈሩ ተጠንቀቕ

ኣመሪካ ናብ ፖላንድ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ክትልእኽ ምኻና ቃል ድሕሪ ምእታዋ፡ መንግስቲ ፌደረሽን ሩስያ፡ ተወሰኽቲ ሰራዊት ኣመሪካ ናብ ከባቢ ዶባት ሃገሩ ክዋፈሩ ዘይቕቡል ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቀጽሪ ናይ'ቲ ኣብ ኤውሮጳ ዓሲኩ ዘሎ ሰራዊት ኣመሪካ ምንካዩ፡ ኑቲ ብፖለሲታት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣብቲ ዞባ ዝተፈጥረ ዘይምዕሩይ ጸጥታዊ ኩነታት ንምርግጋእ፡ እቲ እንኮ ርትዓዊ ስጉምቲ ከም ዝኸውን ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ኣመሪካ ኣብ'ቲ ዞባ ምውፋር ማለት፡ ኑቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዞባዊ ወጥሪ ዘጋድዶ፡ ሃገሩ መልሰ ግብሪ ክትህብ ዝደፋፍኣን ከም ዝኾነ ኣጺሩ።

ኔቶ፡ ኑታ ክፍሊ ዓለም ናብ ነፍሲ ቅትለታዊ ግጭት የምርሓ ከም ዘሎ ከኣ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ሰሙን ኣመሪካ፡ 5 ሽሕ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብ ፖላንድ ከም እትልእኽ ምሕባራ ይዝከር።

እቲ ውጥን መርኣያ ናይ'ቲ ኣመሪካ ምስ ኤውሮጳ ብሓፈሻ ምስ ፖላንድ ድማ ብፍላይ ዘለዋ ወተሃደራውን ጸጥታውን ሽርክነት ምዃኑ ዝገለጸ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ከም ዝትግበር ኣረዲኡ።

ፖላንድ፡ ምስታ ኣብ ባሕሪ ባልቲክ እትርከብ ክፋል ሩስያ ዝኾነት ዞባ 'ካሊኒንግራድ' ብመሬት ከም እትዳወብ ይንገር።

ኣብ ኣህጉር ኤውሮጳ ኣስታት 100 ሽሕ ወተሃደራት ኣሰፊራ ዘላ ኣመሪካ፡ ዝበዝሑ ካብኣቶም ኣብ ጀርመን ዓሲኩም ከም ዘለዉ ይፍለጥ።

ኣመሪካ፡ ንቑጽሪ ናይ'ቲ ኣብ ጀርመን ተዋፊሩ ዘሎ ሰራዊታ፡ ብ5 ሽሕ ክትንክዮ ምዃና ክትሕብር ጸኒሓ እያ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ካቴድራል | 30/05/2026 | ጎደና ዶንሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርመዮ ጥቃ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565